

# ድምጺ ህዝቢ

ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ባህልን ዝሕተም

ዕላዊ ልሳን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)

ሕታም ቍ.17

## ውድብ፡ መሳርሒና እምበር፡ መሳርሒኡ ኣይኮናን

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ካብ 25-30 ሓምለ 2008 ዝተኻየደ ጉባኤ ተመስሪቱ። ብ25 ግንቦት 2009 ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ተጸንቢሩ። ካብ 29-31 ታሕሳስ 2009 ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስን ተጸናቢሩ ሓድሽ ሰልፊ ክምስረት ኢዩ።

ርሑስ በዓል ልደት፡ ሓድሽ ዓመትን ሓድሽ ሰልፍን ይግበረልና

**ትሕዝቶ** **ገጽ**

**ርእሰ-ዓንቀጽ**

1. ዓይንናን ሃምናን ኣብ ህዝብና ዘትኲረ ክኸውን ኣለዎ ......1-2

2. ንፈልሲ ናይ ሓድነትና ምክንኻን
ናይ ዅላትና ሓላፍነት'ዩ ..............................................2-3

3. ምስ ወልደሱስ ዓማር ዝተገብረ ብዛዕባ
ማዕቀብ ዝምልከት ቃለመሓትት ......................................3-6

4. ሓጺር ጸብጻብ፥ ተጋ/ወልደሱስ ዓማር ብፓልቶክ
ዝሃቦ መግለጽን መልሲ ንሕቶታት ህዝብን ......................6-9

5. ሱዳን፥ ዝተረስዐ ጒዳይ ስደተኛታት ........................10-11

6. ዜናዊ ጸብጻብ ..................................................12-20

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ዓይንናን ሃምናን ኣብ ህዝብና ዘትኲረ ክኸውን ኣለዎ

ንጸጋታት ናይ ሓድነት ዝገልጹ ብዙሓት ናይ ኣበው ምስላታት ኣለዉና። ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል፡-

ሓቢርካ ዝመኸርካዮ፡ ኣድቂቕካ ዝመተርካዮ፤ እቲ ነይሓምቕ፡ እቲ ነይሓንቕ፤
ሓቢረን ዝወጠጣ ኣጻብዕ፡ ኣርቃይ የጸንብዓ፤
መእሰሪ ዘይብሉ ማእዶ፡ ተዘርዚሩ ይስንዶ፤
ምቅል ንሓንቲ መዓልቲ፡ ኣሰሓሓብ ንጥንቲ፤`
ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ፡ ጸላኢ የባርሩ፤
ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ፡ ከውሒ ይሰብሩ/ ....እንታይ ዘይገብሩ
ኣፍትልቲ ምስ ዝሓብራ፡ ኣንበሳ የእስራ፤
ዓዲ ምስ ሰመረ፡ ንህቢ ምስ ኣምዓረ፡ ይሃብካ እምበረ፤

እወ፡ ሓድነት፡ ሓይሊ'ዩ፤ ሓድነት፡ ፍቕሪ'ዩ፤ ሓድነት፡ ናብ ልምዓት ዘብጽሕ ጐደና ኢዩ። ንሕና፡ እዞም በበይንና ክንጓዓዝ ዝጸናሕና፡ “ንሕናን ንስኹምን” እናበልና ንጸዋዋዕን ብዓይኒ ውድድርን ምጥርጣርን ንጠማመትን ዝነበርና፡ ኣርባዕተ ውድባት፡ ካብ ሓድሽ ዓመት ኣትሒዝና፡ ኣብ ሓድሽን ዝሓሸን ሃለዋት ክንሰጋገር ኢና። ኣባላትናን ህዝብናን ከኣ፡ ብክብ ዝብለ ትኹረትን ተገዳስነት ክከታተልዎን ክጽበይዎን ከምዝጸንሑ ዝፍለጥ ኢዩ።

ራእይና፡ ክንዮ'ቲ ጆብሃ ሻዕብያ፡ ከበሳ መታሕት፡ እስላም ክርስትያን፡ ንሕናን ንስኹምን ዝብሉ ፍልልያት ሰጊሩ፣ ንማሕበራውን ውልቃውን ፍትሒ፡ ንማዕርነት፡ ንሰላም፡ ንብልጽግና፡ ንዲሞክራስን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላትን ዝብሉ ህዝብና ብመላኡ ዝብህጎም ዕላማታት ንምዕዋት ዘነጻጸረ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ብማዕሪ'ዚ ሓላፍነት'ዚ በሪኽና ክንርከብን፤ ነቲ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ኵሉ መዳያዊ ብድሆታት ንምግጣምን ከይሰልከና ብንቕሓትን ተወፋይነትን ክንቃለስ ከድልየና ኢዩ። ውድባትና ንምጽንባር ዝወሰድናዮ ውሳኔ እምበኣር፡ ቅኑዕ መእተዊ ናብ'ቲ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ጕዕዞ ኢዩ። እዚ እንምስርቶ ዘሎና ውድብ መሳርሒና እምበር ናይ መጨረሻ ዕላማና ኣይኰነን። ስለዝኾነ ድማ፡ ከም ኵሉ ካልእ መሳርሒታት ምስ ግዜን ኩነታትን እናማዕበለ ወይ እናተሓደሰ ክኸይድ ከምዘለዎ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። እዚ ክንገብር እንተደኣ በቒዕና ከኣ፡ ሰልፍና ክሰፍሕን ክዓብን ዘለዎ ተኽእሎ ካብ ክንግምቶ ንኽእል ንላዕሊ ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ ነቶም ትማሊ፡ ፋሕ ኢልና በበይንና ክንገጠሞም ዝጸናሕና ብድሆታት፡ ሎሚ፡ ዓቕምታትና ጠርኒፍና፡ ሓደ ኢድ ኰይና ክንገጥሞም እንተጀሚርና፡ ውጽኢት ዝርከቦ ኣድማዒ ስራሕ ክንሰርሕ ከምእንኽእል ዘጠራጥር ኣይኰነን። ሓቢርና ንኽንሰርሕን ክንስጕምን ድማ፡ ናይ ገዛእ ርእስናን ናይ መቓልስትናን ባህርያት ምፍላጥን፤ ዝያዳ ናይ ምጽውዋር፡ ናይ ሕድሕድ ምድምማጽ፡ ናይ ምክብባርን ተዋሓሒጥካ ምስራሕን ባህሊ ከነማዕብል ክሓተና ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ነፍስወከፍና ንኻልእ ክልውጥ ቅድሚ ምሕሳቡ፡ መጀመርያ ንነብሱ ክልውጥ ክሓስብ ኣለዎ ማለት ኢዩ። ለውጢ ብነብስና፡ ብገዛና፡ ብውድብና፡ ብዓድና ወይ ብሃገርና ክንጅምሮ ኢና ክንሓስብ ዘሎና። ኣብ ዓይንና ዘሎ ጕንዲ

ገዲፍና፡ ኣብ ናይ ብጻይና ዓይኒ ዘሎ በሰር ናይ ምርኣይ ባህሊ ክንቅይሮ ክንክእል ኣሎና።

ከምኡ ውን፡ ኣበይ ኣሎና? ናበይ ክንበጽሕ ንደሊ ኣሎና? በየናይ መንገዲ? ብምንታይ መሳለጢታት? እንታይ ኣሳሊጥና? እንታይ ተሪፉና ዝብሉ ሕቶታት እናልዓልና፡ ንስርሓትና ብዘመናዊ መስፈርቲ ክንዕቅኖን ብመጽናዕቲ ክንከዶን ከድልየና ኢዩ።

እዚ ምስ እንገብር፡ እቲ ብናይ ሕሉፍን ህልውን ናይ ምትህልላኻት፡ ምፍንጫላት፡ ምንጽጻግ ባህልታትን ብሃሳሰ ለባም ዝኸይድ ፍኑው ጉዕዞታትን ባህሪሩ ዝጸንሐ ኣልባብ (ልብታት) ክፍወስን፣ ኣብ ጐድኒ'ቲ ለውጢ ከምጽኡ ዝኽእሉ ሓይልታት ክዓስልን ከኽእሎ ኢዩ። እዚ ብተራኡ፡ ነቶም ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት፡ ንኽሰምሩ ድርኺት ወይ ኣብነት፤ ነቲ ጸልሚትዎ ዘሎ ህዝብና ድማ፡ ጩራ ናይ ተስፋ ክኾኖም ኢዩ።

ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ብዘይ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ክረጋገጽ ዝኽእል ለውጢ ከምዘየለ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክርድኦ ዝግብኦ ሓቂ ኢዩ። ህዝቢ፡ ብሩህ መጻኢ ወይ ተስፋ ኣብ ዘይርእየሉ ምንቅስቓስ ወይ ጉዕዞ ክሕወስ ምጽባይ ድማ፡ የዋህነት ወይ ዘይፍጸም ትጽቢት ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ተስፋ ሞተር ናይ ለውጢ'ዩ ዝበሃል። ህዝብና፡ ካብ ስርዓት ኢሳያስ እናርሓቐ ዝኸደሉን፤ ንስደት ዘምርሓሉን ዘሎ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበሮ ተስፋ ስለዝተጸንቀቐ ኢዩ። ናብ ደምበ ተቓውሞ ዘይዓሰለሉ ምኽንያት ውን፡ ብምፍንጫላት ስለዝባህረረን ተስፋ ዝህብ ስራሕ ስለዘሰኣነን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ከም'ቲ ዓይኒ ነብሪ ናብ ጤል፡ ዓይኒ ጤል ድማ ናብ ጠጠም ዝብል ምስላ፡ ዓይንናን ሃምናን ናብ ህዝብናን ድሕነቱን ሓድነቱን ዘትኰረ ክኸውን ይግባእ።

# ንፈልሲ ናይ ሓድነትና ምክንኻን ናይ ኵልና ሓላፍነት ኢዩ

ዝኾነ ፖለቲካዊ ዕማም ወይ መደብ ዕዮ ክዕወት እንተደኣኰይኑ፡ ክማልኡ ዝግብኦም ክልተ ኣገደስቲ ረቛሕቲ ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡ ቅኑዕ ንባብ ንህልዊ ኵነታትን ብቑዕ ኣመራርሓን ኢዮም። ተመኲሮ መስርሕ ምጽንባራዊ ሓድነት ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ድማ፡ ነዚ ሓቒ'ዚ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።

ህዝብና፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ጭቆናታትን ኣድልዎን ምፍልልያን መሪርዎ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ብብዝሒ ኣብ ዝስደደሉን፣ ብደረት ዘይብሉ ናይ ባርነት መነባብሮ ኣብ ዝግረፈሉን፣ ንዘይትኣደነ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝቃልዓሉን ብሓደ ሸነኽ፣ ደምበ ተቓውሞ ከኣ፡ ብምፍንጫላትን ምንጽጻግን ኣብ ዝሳቐየሉን እዋን በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ሕቶ ሓድነት ማእከላዊ ዕላማ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ውዓል ሕደር ዘየደልዮ ህጹጽ ጉዳይ ክኸውን ናይ ግድን ኢዩ። ናይ'ዚ ኣብ መስርሕ ምጽንባር ዝርከብ ዘሎ 4 ውድባት መሪሕነታት ሓያል ድሌት ንሓድነት እምበኣር፡ ካብ'ዚ ንባብ'ዚ ወይ ካብ'ዚ ተገንዝቦ'ዚ ኢዩ ዝነቅል።

እንተኾነ ግን፡ “እናጐየኻ ዝኣሰርካዮ፡ እናጐየኻ ይፍታሕ” ከይከውን ነገሩ፡ ናይ ኣመራርሓ ውሕልነትን ብቕዓትን ከነጥርን፣ ንሕሉፍ ጌጋታትና ፍሹል ናይ ሓድነትና ተመኲሮታትናን ከይንደግም ምጥንቃቕን ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ኰይኑ ረኺብናዮ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዋላ'ኳ ሕቶ ሓድነት ህጹጽ ጉዳይ እንተኾነ፡ ንኹሉ ከጋጥም ዝኽእል ዕንቅፋታት ገላቢጥካ ምርኣይ፡ ግዜ ዝሓትት ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ተብተብ ከይበልና፡ ግን ከኣ፡ እምብዛ ከይተዛነና፡ ክንስጐም ዓቢ ኣገዳስነት ነይርዎ። ስለ'ዚ፡ ህዱእ፡ ምጽውዋር ዝነገሶ፡ ናይ እንካን ሃባን ልዝብ ምክያድን፣ ንተሳትፎ መሰረታትና ኣብ ምቕራጽ ውሳኔታት ምርግጋጽን እቲ ቅኑዕ መእተዊ ንዘላቒ ሓድነት ምዃኑ ስለዝዓገብና ኢና በዚ ዝኸድናዮ ፍጥነት ክንጓዓዝ ዝመረጽና። ምናልባት፡ ንገሊኡ እቲ ጉዕዞ ነዊሕ ዝወሰደ ኰይኑ ክስምዖ ይኽእል ይኸውን፡ ገለገሊኡ ከኣ፡ ቀልጢፉ ዝብል ኣይሰኣንን።

ኣብ ህልዊ ኵነታት ህዝብናን ደምበ ተቓውሞን ሓባራዊ ተረድኦን ገምጋምን ድሕሪ ምጥራይ፡ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ክጸናበሩ፣ ዝተፈላለየ ራእይ ዘለዎም ግን ከኣ፡ ኣብ ውድቀት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓባራዊ ረብሓ ዘለዎም ተቓወምቲ ውድባት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ክጠራነፉ ዝብል ሓያል እምነት ኣሕደርና። ነዚ ስትራተጂ'ዚ ክውን ንምግባር ድማ፡ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታትናን ቅዋማትናን ከነጽንዕን፣ ናይ ሓድነትን ፍልልይን ነጥብታቱ ክነነጽርን ጀመርና። ከም ውጽኢቱ እቶም ዘራኽቡናን ዘሰማምዑናን ነጥብታት ካብ'ቶም ዝፈላልዩና ዝበዝሑ ምዃኖም ተረዳእና። እቶም ዝፈላልዩና ነጥብታት ውን እንተኾኑ፡ ገሊኦም ካብ ሕሉፍ ታሪኻዊ ተመኵሮና ዝመንጨዉ ምስ ህልዊ ኵነታትና ዝምድና ዘይብሎም፡ ገሊኦም ናይ ግንዛበ (perceptions) ጸገማት፡ ገሊኦም ድማ፡ ናትና ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ናይ ህዝብና ተሳትፎን ድምጽን ዘድልዮም ጒዳያት ምዃኖም ኣብ ሓባራዊ ዕግበት በጺሕና።

ምስጢር ናይ ዓወትና እምበኣር፡ እሱራት ናይ ታሪኽ ካብ ምዃን ሓራ ምውጻእ፣ ካብ ናይ ምዕብላል ድሌትን ከይውሓጥ ዝብል ስግኣታትን ምግልጋል፣ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝወርድ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝኸይድ ግሉጽ ናይ ኣሰራርሓ ስልቲ ምኽታልን ህዝቢ ምንጪ ናይ ስልጣን ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብን ኢዩ።

በዚ ነቲ ክስገር ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ፍልልያት ሰጊርና፡ ሓደ ኣካልን ሓደ ሰልፍን ንምዃን ኣብ ድርኵኹት በጺሕና ኣሎና። ህዝብና፡ ነዚ ታሪኻዊ ተረኽቦ'ዚ፡ ብክብ ዝበለ ተስፋን ሃንቀውታን ይጽበዮ ምህላዉ ንምድህሳስ ውን ኣጸጋሚ ኰይኑ ኣይስምዓናን። እዚ ፈልሲ'ዚ፡ ናይ ህዝብና ንብረት ስለዝኾነ፡ ኵላትና ክንከናኸኖን ክንኵስኵሶን ሓላፍነትና ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብፍላይ ከኣ፡ እቲ ተረካቢ ሕድሪ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ፡ እቲ መጻኢ ናቱ ስለዝኾነ፡ ነዚ ንብረት ህዝብና ዝኾነ ፈልሲ ዝያዳ ኵልና ክሓልየሉን ክሕብሕቦን ክከላኸለሉን ከምዝግባእ ክዝንግዕ የብሉን። ነዚ ምዝንጋዕ ብመጻኢ ዕድልካን መጻኢ ዕድል ድሕሬኻ ዝስዕቡ ወለዶታትን ምጽዋት'ዩ ዝቝጸር።

50 ለሚን ንሓደ ሰብ ጾሩ ን50 ሰብ ድማ ጨንኡ ስለዝኾነ፡ ተደጋጊፍና ኢደይ ኢድካ ኢልና፡ ንስቅያት ናይ ህዝብና ንምሕጻር ተጊህና ንቃለስ።

## ኤርትራ፡ ምስ ወልደሱስ ዓማር ዝተገብረ ቃለ -መሓትት ብዛዕባ ናይ ሕቡራት ሃገራት መደባት ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ

ረቡዕ 2 ታሕሳስ 2009
ብሚኪኤል ኣብርሃ



**ወልደሱስ ዓማር፡-** ብርግጽ፡ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ብዛዕባ መጻኢኦም ኣዝዮም ዝሻቐልሉ ግዜ መጺኡ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። መጻኢኦም ጽልሙትን ብጋሬጣ እተኸድነን ምዃኑ ዝፈልጡ ኢዮም ዝመስለሉኒ። ኣብ'ቲ ሕቶኻ ኣስፈርካዮ ከምዘሎኻ፡ እቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ማዕቀብ ኣንጻር'ቶም ቀንዲ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጸጥታውን ናይ ጭቆና መሓውር ናይ'ቲ ስርዓት ዘቕንዐ ኢዩ። ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ'ቲ ንህዝቢ ብኣሉታ ከይጸለወ ክሓልፍ ዘይኽእል ሓፈሻዊ ማዕቀብ ኣይኰነን ዝሓስብን ዝዛረብን ዘሎ። ሕጂ እቲ ዘረባ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ምሩጻት ዕላማታት ዘቕንዐ ማዕቀብ'ዩ ኰይኑ ዘሎ። ኢሳያስ ከኣ እተን ናይ ምስዓር ድምጺ (ቪቶ) ዘለወን መንግስታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ክሰማምዓ ከምዝኽእላን፣ እዚ ማዕቀብ'ዚ ከይዱ ከይዱ ንውድቀት ናይ'ቲ ስርዓት ከስዕብ ምዃኑን ኣዐርዩ ይፈልጥ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ እቲ ማዕቀብ ኣየሻቕለናን'ዩ ዝብል ናይ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ፈራዕራዕ፡ በቲ ኣብ ዝሓለፈ ነሓሰ ሂለሪ ክሊንተን ዝተዛረበትሉ፡ ሕጂ ድማ፡ ሕቡራት ሃገራት ዝመኽረሉ ዘሎ ስጒምቲ ኣዝዮም ፈሪሖም ምህላዎም ኢዩ ዘንጸባርቕ። እቲ ዝሕሰብ ዘሎ ማዕቀብ፡ ናብ ኤርትራ ዝኣቱን ካብ ኤርትራ ዝወጽእን ኣጽዋር ምእጋድ፡ ምወላ ደው ምባል፡ ናይ ኤርትራ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕቲ ከይገሹ ምኽልካል ዝኣመሰሉ ስጒምትታት ዘጠቓለለ ኢዩ። እዚ ውሱን ኣብ ውሱናት ዕላማታት ዘትኰረ ማዕቀብ'ዚ፡ ንህላወ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣዝዩ ኣስጋኢ ኢዩ።

ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ዝበዝሐ ክፋል ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኰነስ፣ መላእ ዞናናን መብዛሕትኦም መንግስታት ዓለምን ኣንጻሩ ከምዘለዉ ስርዓት ኢሳያስ ግርም ገይሩ ይፈልጥ

ኢዩ። ሃገራት ኢ.ጋድ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ማዕቀብ ክግበር ከምዝጸውዓ ዅላትና ዘሰማዕናዮ ጉዳይ ኢዩ። ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣህዛብ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ጉድኣት ክድሕኑ እንተደኣኾይኖም፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ነዚ ጻውዒት'ዚ ተቐቢሉ፡ ብናይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ሓያል ማሓውር ኣቢሉ ስጉምቲ ክወስድ ባህርያውን ኣድላዪን ኢዩ። ኢሳያስ፡ ካብ ዝሓለፈ እዋን ሎሚ ብዝያዳ ተሻቒሉ ምህላዉ ደጊመ ከረጋግጸልካ እፈቱ።

**ሕቶ፡-** እዚ ተሓሲቡ ዘሎ ማዕቀብ፡ ብመሰረት ምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቅዋም ወይ ቻርተር፡ ንባህርያት መራሕቲ ኤርትራ ዝልውጥ ናይ ሰላማዊ ኣገባብ ኢዩ'ዶ ትብል። ብዛዕባ ምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ዝያዳ ሓበሬታ'ዶ ምሃብካና? ምስ ሕሉፍ ተመኩሮታት ብምዝማድ'ከ፡ እቲ ዘድሊ ለውጢ ዘምጽእ ኰይኑ'ዶ ይስምዓካ?

**መልሲ፡-** ምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ብዛዕባ ሰላማዊ ኣገባብ ናይ ማዕቀብ ጥራሕ ኣይኰነን ዝዛረብ። ኣንጻር ንዞባውን ኣህጉራውን ሰላም ዝዝርግ ተግባራት ተሪር ስጉምቲ ምውሳድ ውን የጠቓልል ኢዩ። ብመሰረት'ዚ ዓንቀጽ'ዚ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንጻር ንሰላም ዝዝርግ፡ ንናይ ሰላም ስምምዓት ዘፍርስ ወይ ዝኾነ ይኹን ናይ መጥቃዕቲ ተግባራት ዝፍጽም ስጉምቲ ክወስድን ስልጣን ኣለዎ። ብባይቶ ጸጥታ ዝውሰን ማዕቀብ፡ ብኣድላዪነት ናይ ሓይሊ ምጥቃም ወይ እንተውሓደ ብናይ ሓይሊ ምጥቃም ታህዲድ ዝተሰነየ ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ዝተወሰነ ማዕቀብ፡ ብምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ዝተሰነየ'ዩ ነይሩ። ናይ ሓይሊ ምጥቃም ተኽእሎታት ኩሉ ግዜ ነይሩ ኢዩ። ባይቶ ጸጥታ ሕብራት ሃገራት ልክዕ ከም ህዝቢ ኤርትራ ተቘጢዑ ከምዘሎ ክፍለጥ ይግባእ። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ'ዩ፡ ንስርዓት ኤርትራ ካብ'ቲ ምስ ጅቡቲ ዘስሓሕብ ዘሎ መሬት ክስሕብ ዝጠለቦ። ክሳብ'ዛ ዕለት እዚኣ ከኣ፡ ስርዓት ኢሳያስ መልሲ ኣይሃበን።

እቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ዝግበር ማዕቀብ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝትንክፍ ክኸውን የብሉን። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ካብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ለገስትን ዝውሃብ ረዲኤት ብዘይ ጸገም ናብ ህዝቢ ዝበጽሓሉ መንገዲ ክርኢ ባይቶ ጸጥታ ሓላፍነቱ ምዃኑ ክግንዘብ ይግባእ ኢዩ። ከም ኣብነት፡ እቲ ኣብ ዒራቕ ዝተገብረ ማዕቀብ፡ ብዓንቀጻት ናይ ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ዝተደገፈ ምንባሩ ምጥቃስ ይከኣል። ብተረድኣይ፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ንስርዓት ኤርትራ ከገድዶ ሎሚ ዝቐለለ ኰይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ኣብ ጅቡቲ ዝርከብ ካብ 1,200 ዘይውሕዱ ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ምስ'ቲ ኣብ'ታ ሃገር ዘሎ ሰራዊት ፈረንሳ ኰይኖም፡ ሰብኣዊ ረዲኤት ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝበጽሓሉ መንገድታት ከውሕሱ ይኽእሉ ኢዮም።

**ሕቶ፡-** ስርዓት ኤርትራ፡ ስቅያት ናይ'ቶም ብምልዮናት ዝቑጸሩ ኣብ ዳርፉርን ሶማልያን ዝነብሩ ኣህዛብ ዘሕምሞ ኣይመስልን ኢዩ። ስቓይ ናይ ህዝቡ ውን ከምኡ፡ ኣይስሞኦን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ጉዳይ ማዕቀብ ብህዝቢ ኤርትራ ከመይ'ዩ ክርአ?

**መልሲ፡-** እቲ ሰብኣዊ ርህራሄ ዘይብሉ ስርዓት ኣስመራ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ህዝቢ፡ እንተላይ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ስቅያት ከሕምሞ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል ኢዩ። ኢሳያስ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝሓንቕ ማዕቀብ እንተኾነ ውን ኣይግድሶን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ተነጺሉ ስለዘሎ፡ ድሮ እቲ ስርዓት ባዕሉ ብዝፈጠሮ ማዕቀብ ህቢ ይሳቐ ምህላዉ፡ ቅድም ክብል ምሳኻ ኣብ ዝገበርክዎ ቃለ-መሓትት ጠቒሰ ነይረ ኢየ። ማዕቀብ ነቲ ተራ ዜጋ ዝሃሲ ምዃኑ ኣካታዒ ኣይኰነን። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኾነ መነባብሮ'ዩ ዘሕልፍ ዘሎ። ኤርትራ ድማ፡ ህዝባ ብብዝሒ ይስደድ ስለዘሎ ባዶ ከይትተርፍ ተስግእ ኣላ። ስለ'ዚ፡ ነቲ ድሮ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ተነቢሩ ዘሎ ዘይእዉጅ ማዕቀብ እውጅ ወይ "ወግዓዊ" ምግባሩ፡ ምርቓ ውን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ሕቡራት ሃገራት ማዕቀብ ክገብር እንተደኣ ተበጊሱ፡ ማዕቀብ ዝፈጥሮ ጸገማት ዝርድኣ ኣህጉራውያን ናይ ሰብኣዊ ረዲኤት ትካላት፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽክዎ ብሕቡራት ሃገራት ዝተደገፈ ሰብኣዊ ረዲኤት ናብ ህዝቢ ዝበጽሓሉ መንገዲ ክናድያ ክግደዳ ኢየን። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ብሕቡራት ሃገራት ዝግበር ምትእትታው፡ ከም ፕሮግራም መግቢ ዓለም ዝኣመሰላ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ክነጥፋ ተኸልኪለን ዘለዋ ትካላት፡ ኣብ ኤርትራ ክኣትዋ ዕድል ክረኽባ ኢየን። ስለ'ዚ፡ ነቲ ብጥሜት ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ብዘውሕስ ምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ዝተሰነየ ማዕቀብ እንተደኣኾይኑ፣ ኣብ'ዚ ሃገርና ትሓልፎ ዘላ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኾነ ህሞት፡ እቲ ዝሓሸ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብሰብኣዊ ረዲኤት ዘይተሰነየ ማዕቀብ እንተደኣኾይኑ ግን፡ እቲ

ዝጐዳእ እቲ ንጹህ ህዝቢ ጥራሕ ኮይኑ ኢዩ።

ሕቶ፦ ማዕቀብ እንተደኣ ተገይርሉ፡ እቲ ስርዓት ኣንጻር ህዝቡ ዝያዳ ኣረሜናዊ ዝኾነ ስጕምታት ክወስድዩ ዝብል ስግኣት ኣሎ። ስለ'ዚ፡ ማዕቀብ ዝኸፍአ ውጽኢት ክህልዎ ዝኽእል'ዶ ይመስለካ?

መልሲ፦ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ'ዚ ዘለዎ ንላዕሊ ኣረሜናዊ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ንሰብኣዊ ረዲኤት ዕሽሽ ኢሉ፡ ማዕቀብ ጥራሕ ክገብር እንተደኣ ወሲኑ ግን፡ ስቅያት ናይ ህዝብና እናኸፍአ ክኸይድ ኢዩ። ብመሰረት ምዕራፍ 7 ናይ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር፡ ረዲኤት ዝኣትወሉ መንገዲ ክህሉ ናይ ግድን ኢዩ፤ እንተዘይኰይኑ፡ እቲ ኵነታት ክጽወር ዝከኣል ኣይኰነን።

ሕቶ፦ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንሕቡራት ሃገራት፡ ረዲኤት ናብ'ቶም ብጥሜት ዝሳቐዩ ዘለዉ ኤርትራውያን ከየብጽሕ ከልኪልዎ ኣሎ። ንስቅያት ናይ'ቲ ብሕጽረት መግቢ ዝሳቐ ዘሎ ክልተ ሲሶ ካብ ተቐማጦ ኤርትራ ዝኸውን ህዝቢ፡ ንምቅላል እንታይ ክግበር ይከኣል?

መልሲ፦ ክም'ቲ ዝበልካዮ ክልተ-ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕጽረት መግቢ ይሳቐ ኣሎ። ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ 15% ካብ ህጻናት ናይ ሓንቲ ሃገር ብሕጽረት ዝሳቐይሉ ኵነታት እንተደኣ ተፈጢሩ፡ ነታ ሃገር ኣብ መስርዕ ናይ'ተን ህጹጽ ረዲኤት ዘድልየን ሃገራት ኢዩ ዘእትዋ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ኤርትራ ልዕሊ 20% ዝኾኑ ህጻናት ብሕጽረት መግቢ ክሳቐዩ ይርኣዩ ኣለዉ። ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ህጹጽ ረዲኤት ዘድልዮ ኵነታት ከምዘሎ ክገልጽ ኣይደልን'ዩ። ዋላ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣካላት ውን፡ ህጹጽ ኵነታት ኣሎ ኢሎን ክገልጻ ኣይተራእያን። ብሓቂ ግን፡ ናብራ ህዝብና ብኸለንትናኡ ኣብ ትሕቲ ህጹጽ ኵነታት'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዩ ኵነታት ጥሜት ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ክጽንዕ ኣይፍቀደሉን ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ እዚ ቅልውላው'ዚ መፍትሒ ክረክብ'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። ብናይ ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ ምትእትታው ግን፡ እቲ ቅልውላው ክቃለል ይኽእል ኢዩ በሃላይ ኢየ።

ሕቶ፦ እዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ብራሰልስ ዝተጋብአ ዋዕላ ተላዒሉ'ዶ ነይሩ?

መልሲ፦ እወ፡ ዋዕላ ብራሰልስ ብዛዕባ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቅልውላዋት ኤርትራ ብሰፊሑ'ዩ ዘትዩሉ። ዝኾነ መግለጺ ዝህብ ሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሰቓቒ ኵነታት ከይገለጸ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ፖለቲካዊ ጭቆናን ሰብኣዊ ግህሰታትን፡ ቍጠባዊ ኵነታት ኤርትራ ውን ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኢዩ። ብዙሓት ተሳተፍቲ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ጐረባብቲ ሃገራትን ተሰዲዱ ንዝነብር ዘሎ ህዝብና ህጹጽ ረዲኤት ክግበረሉ ኢዮም ክጽውዑ ዝሰምዑ ነይሮም። ብዝሒ ስደተኛታት ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ናይ'ተን ዝተሰደዱለን ሃገራት ክግምገም ከሎ፡ ኤርትራ ኣብ ዓለምና ኣብ ካልኣይ ደረጃ'ያ ትስራዕ። ኣብ 2008 ጥራሕ'ኳ፡ 63,000 ኤርትራውያን ከም እተሰዱ ኣብ'ቲ ዋዕላ ተሓቢሩ። ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ብኸንድ'ዚ ብዝሒ ንሃገሮም ራሕሪሖም እንተወጺኦም፡ እታ ሃገር እንታይ ክትከውን ኢያ!!!? ኣነ ብወገነይ፡ ነዞም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርከቡ በሽሓት ዝቝጸሩ መንእሰያት፡ መታን ጽባሕ ድሕሪ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፣ ኣብ ዳግመ-ህንጻ ናይ ሃገሮም ኣዎንታዊ ተራ ክህልዎም፡ ናይ ትምህርትን ናይ ሞያ ስልጠናን ዕድል ክውሃቦም፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ ሓቲተ ነይረ ኢየ። ነቲ ንጨቋኒ ስርዓት ኤርትራ ዝውሃብ ዘሎ ደገፍ ደው ኣቢልካ፡ ናብ'ቶም ስደተኛታት ክለኣኽ ይከኣል ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ቀርኒ ብዕራይ ዝፈሊ ማዕቀብ ብምግባር፡ ነቲ ስርዓት ከምዝጸቦ፡ ረዲኤት ድማ ናብ ህዝቢ ከምዝብጽሕ ምግባር፡ ካልእ ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝተላዕለ ተወሳኺ ሓሳብ ነይሩ። እቲ ዋዕላ ድሕሪ ምድምዳሙ ከኣ፡ ኤርትራውያን ተሳተፍቲ፡ ምስ ፈተውቲ ኤርትራ ብምርኻብ፣ ብዛዕባ ንህዝብና እንተላይ ነቶም ኣብ ስደት ዘለዉ ኤርትራውያን ዘጠቓልል ደገፍ ዘቕርብ ኣህጕራዊ ዘይመንግስታዊ ትካል ናይ ምቛም ተኽእሎታት ይመያየጡ ነይሮም ኢዮም። ገለ ካባና ድማ፡ ነቲ ትካል፡ "ናይ ኤርትራ ናይ ዳግመ-ህንጻ ሳጹን" ዝብል ስም ንሃቦ ኢሎም ክዛረቡ ተሰሚዮም ኢዮም። ሓቢርና እንተሰሪሕና ከኣ፡ እዚ ሓሳብ'ዚ ናብ ግብሪ ክልወጥ ዘይከኣል ኣይኰነን።

ሕቶ፦ ንዋዕላ ብራሰልስ ካብ ከምኡ ዝኣመሰሉ ካልኦት ዋዕላታት ፍሉይ ዝገብርዎ ነጥብታት ዘለዉ'ዶ ይመስለካ?

መልሲ፦ ዋዕላ ብራሰልስ ብኸሉ ሸነኻቱ ፍሉይ'ዩ ነይሩ። ብቐዳምነት፡ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሕብረት ኣውሮጳን ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ኣኪቡ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት ብዛዕባ ህልዊ

ኩነታት ኤርትራ ምስክርነት ክሰምዑ ገይርዎምን፣ ተሓባቢሮም ገለ መፍትሕታት ክረኽቡ ውን ደፋፊእዎም ይኽውን ኢዩ። ካልኣይ፡ ቅድም ክብሉ ዝተገብሩ ኮንፈረንሳት ከልዕልዎ ዘይደፈሩ ጕዳያት ኣልዒሉ ከም ለበዋታት ኣመሓላሊፍዎ ኣሎ። "ናይ ኤርትራውያን በርገሳውያን ማሕበራትን ዘይመንግስታውያን ተዋሳእትን ክሕይሉ፣ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ድማ ክድገፉ፣ ከምኡ ውን፡ ኤርትራ ናብ ዲሞክራሲ እትሰጋገረሉ ኣገባባት ክቕረጽ" ዝብል ለበዋ'ዩ በቲ ኮንፈረንስ ተመሓላሊፉ። ላዕለዎት ወከልቲ ሚኒስትሪ ወጻኢ.ጕዳያት ኣመሪካን ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራትን ውን ኣብ'ቲ ዋዕላ ተሳቲፎም ነይሮም። ዘይመንግስትውያን ተዋሳእትን ፖለቲካውያን ናይ ተቓውሞ ሰልፍታትን በርገሳውያን ማሕበራትን፡ ናይ ኣመሪካን ሕብረት ኣውሮጳን ደገፍ ክረኽቡ ዝዘተየ ዋዕላ ስለዝኾነ፡ ነቲ "ናይ መንግስቲ ልዕልና ይከበር" ዝብል ኣተሓሳስባ ዝደፈረ ዋዕላ ውን'ዩ ነይሩ። እዚ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት'ዩ ነይሩ። ነዚ ለበዋታት'ዚ ግብራዊ ንምግባር ድማ፡ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ብድሆ'ዩ።

ሕቶ፡- ካልእ ክትብሎ እትደሊ ነገር እንተልዩካ?

መልሲ፡- ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዘይጠቕም ንኣሽቱ ጕዳያት ዝገብርዎ ምውጣጣት ደው ኣቢሎም፡ ተወዲቦም ግብራዊ ስጉምትታት ክወስዱ ይግብኦም ክብል እፈቱ።

## ሓጺር ጸብጻብ ናይቲ ተጋ/ወልደሱስ ዓማር ብፓልቶክ ዝሃቦ መግለጽን መልሲ ንሕቶታት ህዝብን

ተጋ/ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ህዝብን፡ ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን፡ ብቕዳም ዕለት 19 ታሕሳስ 2009 ንሰ ሰዓታት ዝኸውን ብፓልቶክ ኣብ ዘካየዶ ህዝባዊ ርክብ፡ እቲ ኣብ መንጎ ደንበ ተቓውሞ ዝግሃድ ዘሎ ዘይምርድዳኣትን ሕድሕዳዊ ጸለመታትን ዘይመሰረታዊ ምኽኑ ብምግላጽ፡ ንጥቕሚ ናይቲ እንካይዶ ዘሎና ሓባራዊ ቃልሲ ሓጋዚ ስለዘይኮነ፡ ብኹሉ ሸነኻት ፎእ ክብሃልን ብቕጽበት ደው ክብልን ዘሎዎ ምኽኑ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መኽፈቲ ዘረብኡ፡ ነቲ ዝምዕብል ዘሎ ዘመናዊ መራኸቢ-ብዙሃን (mass media)፡ ማለት ከም ፓልቶክን መርበባት ሓበረታን ዝኣመሰሉ፡ ጠቓምትን ኣድለይትን መሳርሒታት ናይ ቃልስና ምኻኖም ድሕሪ ምጥቃስ፣ ብኻልእ ሸነኽ ግን ኣብ ዘይሓላፍነታዊ ገለጻታትን ጽሑፋትን ብምድሃብ ንማሕበራዊ ስኒትን ንሓድነት ተቓውሞን ዝሃሰ ብሂላት ካብ ምዝርጋሕ ክቑጠባ ይግባእ ኢሉ።

ቀንዲ ኣርእስቲ ናይቲ ልዕሊ 250 ሰባት እተሳተፍዎ ናይ ፓልቶክ (Eritrea, Democracy for All room) ርክብ፡ ጸገማት ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝብናን ናይ ለውጢ ቃልስታቱን፡ ከምኡ ከኣ፡ መስርሕ ሓድነት ናይ ሰለስተ ሰልፍታት'ዩ ነይሩ።

ንጕዳይ ህዝብና ብዝምልከት፡ እቲ ሃለዋት ብሓቂ ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍኤ ደረጃ እናሰገረ ምምጽኡ፡ ዝርዝር ሓቅታትን ኣሃዛትን እናጠቐሰ ሓቢሩ። ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ክሳቐየሉ ዝጸንሖን ዘሎን ዘይፍትሓዊ ምሕደራን ፖለቲካዊ ጭቈናን ዝኸፍአ ስእነት ዕለታዊ መግቢ የሳቕዮ ከም ዘሎ ድሕሪ ምብራህ፡ እቲ ንስደት ገጽካ ዝግበር ዘሎ ዋሕዚ ኣዝዩ ኣሰካፊ ምኻኑ ጠቒሱ። ልዕሊ 90 ካብ ሚእቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ሎሚ ለይቲ ወዲቑ ዝብል ዜና ክሰምዕ ዝምነ'ኳ እንተኾነ፤ እቲ ውድቀት ብቕጽበት ከግሃድ ጸገማት ከም ዘሎዎ ዘርዚሩ ገሊጹ። ኣብ ርእሲ'ቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝወርዶ ግፍዕን ማእሰርትን፡ ኣብ ደገ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሃለዋትን እውን፡ ናይ'ቲ ጨካን ስርዓት ጅሆ ኰይኑ ኣብ ራዕዲ ዝነብር ህዝብና ብዙሕ ተስፋ ከምዘይህቦ ጠቒሱ።

ደንበ ተቓውሞ፡ እምነት ህዝቢ ኤርትራ ክሕስብ ዝተርፎ ረቛሒታት ከም ዘሎ ብምእማን፡ ነዚ ሃንፍ'ዚ ንምምላእ ሓይልታት ተቓውሞ ክብ ዝበለ ጻዕሪ ከካይዱ ከም ዝግባእ ወልደሱስ ዓማር ደጋጊሙ ኣስሚሩሉ። ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ብቑዕን ኣድማዕን ሃገራዊ ጽላል ምእንቲ ክኸውን፡ እተን ኣባላቱ ዝኾና ውድባትን ሰልፍታትን፡ ጌና ዓቕምታት ክጥርያ ዘለወን ምኻነን ሓቢሩ። ከምቲ ቅዋም ኪዳን ዝሕብሮ ከኣ፡ እተን ዝመሳሰል ራእን መደብ ዕዮን ዘለወን ውድባት ተጫንየን ክጠራነፋን፡ ንህዝቢ ዝስሕብ ሰልፍታት/ውድባት ክቖማን ይግባእ ኢሉ።

ንዕማማትን መምርሕታትን ሃገራዊ ጽላል ብምዝንጋዕ ዝግበር ዘይመሰረታዊ ክትዓትን ምንጽጻጋትን ከም ዘሎ እውን ብሰፊሑ ተንቲኑ። ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ካብ ባህሪ

ምሕዝነት ዝረሓቐ ዓንቀጻት ኣብ ሓባራዊ ቻርተር ብምስፋሩ ጊዜ ዝበልዐ ምቁኑስሳላት ምንባሩ ድሕሪ ምሕባር፣ ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ነቲ ሓባራዊ መትከላትን ስምምዓትን ዘፍርስ ገለጻታትን ብሂላትን ብጩቕ እናበለ፡ ክህሉ ንዘለዎ ሕድሕዳዊ ምክብባር ይጐድእ ምህላው ጠቒሱ። ንኣብነት፡ ኣባል ውድባት ብዘይካቲ ብኪዳን ክግበር ዘሎዎ ንጥፈታት፡ ኣብ መደብ ዕዮኤን ተመርኲሰን ብነጻ ተበግሶታተን ህዝባውን፡ ዲፕሎማሲያውን፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ንጥፈታት ከካይዳ ምሉእ ናጽነት ከም ዘለወን እናተፈልጠ ክነሱ፣ ኣንጻር'ዚ መትከል'ዚ ዝኾነ ንህዝቢ ዘጋጊ ብሂላት ብሓለፍቲ ኪዳንን ውድባትን ከይተረፈ ክጥቀስ ምስማዕ ኣሕዛንን ጐዳእን ምዃኑ ንህዝቢ ኣተንቢሁ። ከምኡ'ውን፡ ቻርተር ኪዳን ንለውጢ ዝኣመተ ኩሉ ዝከኣል ዓይነታት ቃልሲ ኣፍቂዱ ክነሱ፡ ካልእ ትርጉም እናሃቡ ህዝቢ ዘጋግዩን ዘናቑቱን፡ ሓላፍነት ዘይስምየም ሸነኻት ምህላዎም ገሊጹ።

ንሓድነት ሰለስተ ሰልፍታት ብዝምልከት ከኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ 4-5 ዓመታት ብዙሕ ጻዕሪ እተኻየደሉ መስርሕ ምዃኑ ዝርዝራዊ ስእሊ ሂቡ። ሰለስቲኦም ሸነኻት ሓደ ሰልፊ ዝኾኑሉ ምጽንባርዊ ዋዕላ ካብ 29 ክሳዕ 31 ታሓሳስ 2009 ኣብ ፍራንክፎርት ክግበር ምዃኑ'ውን ሓቢሩ።

ኣብ ዝቐጸለ ናይ ክትዕ መድረኽ ካብ ዝቐረቡ ሕቶታትን እተዋህበ መልስን ከኣ ኣሕጺርና ነዚ ዝስዕብ ጸብጻብ ነቕርብ፤

<u>ሕቶ፡</u> ነቲ ዝሰምር ዘሎ 3 ሰልፍታት ናይ ከበሳን ናይ ክርስትያንን ምትእኽኻብ ኢዩ ዝብሉ ኣሎው። ካልኦት ውድባት፡ ከምእኒ ተዳሙን፡ ናይ እስላም ውድባት ተባሂለን ይግለጻ። ነዚ ከመይ ትርእዮ?

<u>መልሲ፡</u>- ናይ ሓደ ሃይማኖት ወይ ናይ ሓደ ዞባ ተጣባቒ ኢየ ኢሉ መደብ ዕዮ ዘየውጽኤ ውድብ ወይ ሰልፊ ብሃማኖታዊ መልክዕ ክርኤ ኣይክእልን። ሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ናይ ሓደ ሃይማኖት ወይ ቦታ መደብ ዕዮ ኣይነበረንን የብለንን ውን። እቲ ዝቐውም ዘሎ ሰልፊ'ውን ናይ ሓደ ሃይማኖት ወይ ናይ ሓደ ቦታ ተጣባቒ ኣይኮነን ዝኸውን። ሃገራዊ መደብ ዕዮን ራእን ዘሎዎ ኢዩ። ኣባላቱ እውን ካብ ኩሉ ሃይማኖታትን ብሄራትን ምዃኖም ዘካትዕ ኣይኮነን። ተዳሙን እውን እንተኾነ እስላማዊን ዘይእስላማውን ውድባት ኣሎዊዎ። ሓደ ውድብ ከኣ ንኣስላም ጥራይ ኢየ ዝጣበቕ ክሳዕ ዘይበለ ኣስላማዊ ውድብ ኣይኮነን ዝብሃል።

ክንርድኦ ዝግብኣና፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብስሳታት፡ ኣባላታ ወላ ልዕሊ 90% ካብ ሓደ ሃይማኖት ድኣ ይንበሩ እንበር፡ ናይ ሓደ ሃይማኖት ተጣባቒት ኣይነበረትን። ዋላ'ኳ፡ ተወዳደርታ "ኣስላመይቲ" ኢሎም ይጠምቕዋ ድኣ'ንበር፡ ናይ ኣስላም ውድብ ኣይነበረትን። ወይ'ውን ድሒሪ 1975፡ ዓቢ ክፋል ተጋደልቲ ተሓኤ ካብ ከበሳ እንተነበሩ፡ ነቲ ውድብ ናይ ክርስትያን ውድብ ነይሩ ክንብሎ ኣይግባእን። ከምኡ ከኣ ኣይነበረትን። እቲ ብ31 ታሕሳስ እነቑሞ ሓደ ሰልፊ፡ ብዝሒ ዘሎዎም ኣባላቱ ካበየናይ ቦታዊ መበቆል ወይ ሃይማኖታዊ ኣስማት ዝሓዙ ምዃኖም ብዘየገድስ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝውክል መደብ ዕዮን ራእን ከዐውት ዝቃለስ ሰልፊ ብምዃኑ ጥራይ ኢዩ ዝልለ።

<u>ሕቶ፡</u> ህዝቢ ኣብ ውድባት ኣይዓሰለን ዘሎ፤ በዚ ምኽንያት ከኣ ሓያልን ክመርሕ ዝኽእል ውድብን ክህሉ ኣይከኣለን ዘሎ። ነዚ ናይ መሪሕ ውድብ ቦታ ክትመልእዎ/ክትበቕዕዎ ትኽእሉዶ ይመስለካ?

መልሲ፡- ውድባትና ድኹም ስለዝኾነ፡ እቲ ዘቖምናዮ ኪዳን እውን ድኹም ኰይኑ ኣሎ ኢለ ኢየ ዝርኢ።

<u>ሕቶ፡</u> ኣብ ጒዳይ ማዕቀብ፡ ርእይቶኹም ሕጂ ዝተቐየረ ይመስል። መብራህካልናዶ?

<u>መልሲ፡</u>- ኣይተቐየረን። ነቲ ስርዓት ዝጐድእን ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዝሕግዝን ማዕቀብ ክግበር ደገፍቱ ኔርናን ኣሎናን። እቲ ማዕቀብ ግን፡ ንዝህዝቢ ዝጐድእ ክኸውን ስለዘይድገፍ፡ ካብ ህዝቢ ፈልዩ ነቲ ስርዓት ዝጐድእ ዓይነታት ማዕቀብ ክግበር ንድግፍ ኔርናን ኣሎናን። እቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝኸይድ ዘሎ ምቅርራባት ከኣ ነቲ እንድግፎ ዓይነታት ማዕቀብ ከተግብር ዝሕልን ኢዩ።

<u>ሕቶ፡</u> ካብ ብዙሕ ዓመታት ኣትሒዙ ብኹሉ ሸነኻት ህዝብና ቅቡል ዝኾነ ርእይቶታት ከም ዘሎካ ትግመት ኔርካ። ብድሕሪ 2003 ግን ኣንጻር ኣስላም ኰንካ ይብሃል። ከመይ'ዩ'ዚ? ተቐይርካ ዲኻ? መልሲ'ውን ኣይትህብን ጸኒሕካ።

መልሲ፡- ኣነ ኣይተቖየርኩን። ውድበይን ብጾተይን'ውን ኣይተቐየሩን። ግን ከኣ ሓዲሽ ኣስማትን ጠቐነታትን ይወሃቦ ኣሎ። ዝኾነ ኾይኑ ግን ብጊዜ ዝበሊ ፈኲስ ሓሶት ኢዩ። ኣነ እኹን እቲ ውድበይ/ሰልፈይ እውን፡ ደድሕሪ መልሲ ዘይግብኦ ጠቐነታት ኵለል ክንብል ፍቓደኛታት ኣይኮናን።

**ሕቶ፡ ኣብ ሓደ ቃለ-መሕትት፡ ኣብ ኤርትራ "ዋዲ ስዋት/Swat Valley ኣይነፍቅድን ኢልካ ንገለ ኣስላማውያን ኣኹሪኻ ኣሎኻ። እንታይ ማለትካ ነይሩ?**

መልሲ፡- ማለተይሲ፡ ከምቲ ኣብ ቻርተር ኪዳን ሰፊሩ ዘሎ፡ እንሃንጾ ኤርትራ ኣብዛሓ-ሰልፋዊ (multiparty) ስርዓት ዲሞክራሲ እትኽተል ኰይናና፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዘጽደቖ ሕገ-መንግስቲ/ ቅዋም እትምሓደር ሃገር ክትከውን ኣሎዋ። ዋላ ንኡስ ክፋል ናይ ኤርትራ'ውን ይኹን ካብ ሃገራዊ ቅዋም ተፈልዩ ብኻልእ ዓይነት ምሕደራ (ንኣብነት ብሸሪዓ) ክግዛእ ኤዲኪ ይኹን ሰልፍና ኣየፍቕዱን ኢዮም ማለተይ ኢዩ ነይሩ። ከም 'ዋዲ ስዋት' ናይ ፓኪስታን ኣብ ኤርትራ ክትክል ዝደሊ ውድብ ወይ ሰልፊ ክህሉ ኣይግባእን፤ እንተልዩ ወይ ብድሕሪ ሕጂ እንተተቐልቂሉ ግን፡ እቲ ብሕጂ እነቑሞ ሰሎና ሰልፊ ዝቕበሎ ጒዳይ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ 'ደውላ እስላሚያ' ወይ ከኣ ብሸሪዓ እትምሓደር 'መንጠቓ እስላሚያ' ክትቀውም ብኣና ይኹን ብቻርተር ኪዳን ቅቡል ኣይኮነን። እዚ ፍሉጥ ክኸውን ኣሎዎ። ዋዲ ስዋት ኣብ ኤርትራ ኣይነፍቅድን ብምባለይ ዝኸረየ እንተሎ ከኣ ንኪዳን'ውን ይሕተት።

**ሕቶ፡ ብጒዳይ ቋንቋ ዘሎኩም ርእይቶ እንተትገልጸልና።**

መልሲ፡- ኣብ ኤርትራ ትግርኛን ዓረብን ዕላውያን ቋንቋታት መንግስቲ ክኾና ንኣምን።

**ሕቶ፡- ለውጢ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ምስዚ ብጎነጽ ጥራይ ዝኣምን ስርዓት ከመይ ኢሉ ክሰልጠኩም ትሓስቡ? ሰላማዊ ኣገባብ ምባልኩምከ ነቲ ስርዓት ፍናን ኣይህቦንዶ?**

መልሲ፡- ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ብመጽናዕትን ዕግበትን ዝብጻሕ ንምሉእ ህዝቢ ዘሳትፍ ሓያል ናይ ዓወት እስትራተጂ ኢዩ። ናይ ብረታዊ ሓርነታዊ ቃልስታት ዘመን ካብ መጀመርያ ስሳታት ክሳዕ ፍርቂ ሰማንያታት ናይ ዝሓለፈ ዘመን ዝነበረን፡ መድረኽ ዝወድኤን ኢዩ። ንሕና ከም ህዝቢ፡ ብኣቦታትናን ኣበሓጎታትናን ብነብስናን ከይተረፈ ብውግእ ዝላዴና፡ ብዘይካ ብዓመጽ ብሰላማዊ መንገዲ መሰልካ ከምዘይንረክብ ጌርና እንርኢ ህዝቢ ኢና። ነዚ ባህሪ'ዚ ክንልውጥ ብዙሕ ጻዕሪ ከድልየና ኢዩ። ነቲ ለውጢ ግን ብመድረኽ ተገዲድና ክንምሃሮን ክንቅበሎን ኣሎና። ንሕና ዘይዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ እናበልና፡ እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት ምስ ህዝብና ክንራኸብ ዘይፈቅድ ስለዝኾን ግን ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ህዝብና ክንውድብን ከነላዕልን እንከሎና፡ ነብሰ-ምክልኻሎም ብዘዕቆቡ ኣባላት ሰልፍና ጌርና ኢና ስራሕና እነሳልጥ። መሰልና'ውን ኢዩ።

ኣብዚ ሰዓት'ዚ፡ ንስርዓት ህግደፍ ዓመጽ ሓያለ ጐኑ ምኳኑ ስለእንፈልጥ፡ በቲ ሓያል ጐኑ ክንመጾ (ብረታዊ ቃልሲ ክንብል) መፍትሒ ኢዩ። ብድኹም ጐኑ ክንቃለሶ ይግባእ። ንሱ ኸኣ ህዝቢ ብምልዓል፤ እሞ ከኣ ስነ-ኣእምሮኣውን፡ ማሕበራውን፡ ቍጠባውን ዲፕሎማሲያውን መሳርሒታት ኣጻዊድካ ምቅላሱ ኢዩ። ንሓይልን ንሞራልን ህግደፍ ዝሃርም ከኣ እዚ'ዩ እንበር "ንብረታዊ ቃልሲ ተበጊስና ኣሎና፡ ንዓ ግጠመና" ማለት ኣይኮነን። ከምኡ'ሞ መፍትሒ።

**ሕቶ፡ እዞም ትሰምሩ ዘሎኹም ካብ ጀብሃን ካብ ሻዕቢያን ዝመጻእኩም ኢኹም። ነንበይኑ ዝታሪኽኩም ስምረት ከመይ ጌይሩ ክሰልጠኩም ኢዩ? ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ንዓኹም እቶም ናይ ጀብሃ ዝነበሩዶ ኣይምቐረቡኹምን?**

መልሲ፡- ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ዝነበርና ብታሪኽ እንተተፈላለና፡ ብናይ ሎሚን ናይ መጻእን ዕላማታትን ባህግታትን ህዝብና ንራኸብ ኢና። ንሱ ኸኣዩ ኣገዳሲ። ንታሪኽ ኣብ ናይ ታሪኽ ቦታ ኣቐሚጥና ንመጻኢ ጥራይ ክንጥምት ይግባእ። እሱራት ታሪኽን ሕሉፍ ቅርሕንትታትን ምኻን እንታይ ይዓብስ።

ግን ከኣ ምስ ናይ ጀብሃ ዝነበሩ ውድባት'ውን፡ ሓድነት ዘይተፈተነ ኣይኮነን። ንኣብነት ካብ 2004 ጀሚርና ንሕናን ሰልፊ ዲሞክራስን ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምርድዳኣት ጀሚርና ኔርና፤ ተሓኤን ተሓኤ/ሰውራዊ ባይቶን እውን ናይ ሓድነት ዘተ ብ2006 ከም ዘካየድና ዝፍለጥ ኢዩ። ኣይሰለጠን። ከምኡ'ውን ሰልፊ ዲሞራስን ንሕናን ምስ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ክሳዕ ሓደ ቀጽሪ ድሕሪና እውን ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ክንቐውም ብዙሕ ጻዕሪ ኣካይድና፤ ኣይሰለጠን። ንብድሕሪ ሕጂ

ኣይሰልጥን ግን ኣየስምዕን።

**ሕቶ፡ ብጕዳይ ናይ ስርዓት ህግደፍ ናይ ሰፊራ መደባትን ብሕቶ መሬትን ዘሎኩምን ርእይቶ ክትገልጸልናዶ ምኽኣልካ?**

**መልሲ፡-** ናይ ህግደፍ ናይ መሬት ገበተን ናይ ሰፈራ መደባትን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ፡ እሞ ኸኣ ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ህዝብና ዝዘርግ ተግባራት ብምዃኑ ንኹንኖ። መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ኢዩ ኢልና ስለ እንኣምን ከኣ፡ ብሓይሊ ዝተመንዝዐ መሬት፡ ስርዓት ህግደፍ ምስ ተማሕወ፡ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ኣሎዎ ንብል። ብኽምኡ ክትግበር ከኣ ንቃለስ።

**ሕቶ፡ ኣብ ዋዕላ ብሩክሰል ንኪዳን ዘይብሉ በይንኻ ከድካ። እዚ ንበይናዊ ዘተ ምግባር ቅኑዕ ድዩ? ስለምንታይከ ኪዳን ዘይነበረ?**

**መልሲ፡-** ኣንጻር ዋዕላ ብሩክሰል/ብራሰልስ እተዘርበን እተባህለን ቅኑዕ ኣይነበረን። ብመን ከም እተጋብኤን እንታይ ዕላማ ከምዝነበሮም ከይፈለጡ ብሸነኽ ኪዳን ይኹን ብኻልእ ሸነኻት ዝጽሓፍን ዝዝረብን ዝነበረ ዘሕንኽ ኢዩ። ነቲ ድኽመንትና ዘንዘባርቕ እውን'ዩ ነይሩ። ዝኾነ ውድብ ይኹን ውልቀ ሰብ ኣብ እተዓደሞ ኣኼባ ክኸይድ መሰሉ ሕሉው ኢዩ። ዓዳሚ'ውን ንዝደለዮ ክዕድም መሰሉ ሕሉዉ ኢዩ። ካብዚ ሓቅታት'ዚ ወጺእካ ዝዝረብ ዝነበረ ግን ንጊዜያዊ ሃልኪ ተባሂሉ እተገብረ'ዩ ነይሩ። ንጥቕሚ ቃልስና'ውን ኣይኮነን። ብሓጺሩ፡ ዋዕላ ብሩክሰል ንቃልስና ዝጠቕም ኣንፈት ዝነበሮ ተረኺቦ ነይሩ። ነቲ ለበዋታቱ ተንቀሳቒስና ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል እንተ ጌርና ከኣ ክንጥቀም ኢና።

**ሕቶ፡ ብጕዳይ መንእሰይ ወለዶ እንታይ ትነግረና? ስለምንታይከ ኣብ ናይ ተቓውሞ ቃልሲ ብብዝሒ ዘይሳተፉ?**

**መልሲ፡-** መንእሰይ ኣብቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት ብብዝሒ ክሳተፉ ናይ ኲላትና ድልየት ኢዩ። ጸገማት ግን ኣሎ። መጀመርያ እቲ መንእሰይ ብዛዕባ ውድባት ተቓውሞ ብዙሕ ሕማቕ ዝሰምዐ ወለዶ'ዩ። እቲ ኹሉ ብህዝባዊ ግንባር ክመጽእ'ዩ ዝብሃል ዝነበረ ራህዋ ኣብ ሞትን ጸበባ ስለእተቐየረ፡ ካብ ካልኦትከ እንታይ ዝሓሸ ክንጽበ ኣብ ምባል ዝበጽሐ መንእሰይ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ 18 ዓመታት እኮ ብዙሕ ክፉእ ዝረኣየ ወለዶ'ዩ። ስድርኡ ክጠምዩን ክሳቐዩን እውን ርእዩ። ስለዚ መጀመርያ ብነብሱን ብስድርኡን እንተ ሓሰበ ዝተሓዘለ ኣይኮነን። ብኻልኣይ ደረጃ እውን ናይ ተቓውሞ ውድባት ንመንእሰይ ዘብህግ መልእኽቲ ከመሓላልፉ ይጥለቡ። እዚ ከኣ ካብቲ ናይ ቃልሲ እስትራተጂ ኢዩ ዝጅምር። ነዚ ብጌጋታት ህግደፍ ዝባህረረ መንእሰይ "ናዓ፡ ኣብ ውግእ ክንኣቱ ኢና" ብምባል ኣይኮንና ኣብ ቃልሲ ክነእትዎ። ኣብ ዝሓሸ ካልእ ሓባራዊ እስትራጂ ክእቶ ኣሎዎ። እቲ ብሰለስተ ውድባትና ተተሊሙ ዘሎ እስትራተጂ ብኹሉ ክጽናዕ ኣሎዎ። ብዝሒ ውድባት ተቓውሞ'ውን ንመንእሰይ ዘባህርር ስለዝኾነ ክሕሰበሉ ኣሎዎ።

**ሕቶ፡ ምሁር ኣካል ስለምንታይ'ዩ ካብ ቃልሲ ተቓውሞ ርሒቑ ዝርከብ?**

**መልሲ፡-** ካብ ውድባት ተቓውሞ ዘዕግብ መልእኽቲ ስለዘይመሓላለፈሉ። ቅኑዕ ዕላማን መልእኽትን ምስ እነመሓላልፍ ናብ ሰልፍታትና ኮይኑ ክቃለስ ክጅምር ኢዩ። እቲ ናይ ምፍንጫላትና መስርሕ እውን ዘብህጎ ኣይኮነን። ምፍንጫላት ነቶም ኣብ ቃልሲ ዝነበሩን ዘለዉ እውን ዘነይት ኣይኮነን።

**ሕቶ፡ ሓድነት ናይዘን 3 ውድባት ዘሰንብዶም ብዙሕ ተጻይ ቋንቋ ክዛረቡ ይስማዕ? እንታይ መልሲ ክትህብዎም ትኽእሉ?**

**መልሲ፡-** እቶም ተጻይ ተዛረብቲ መልሲ ዘድልዮምን ዘየድልዮምን ኢዮም። ነቶም ብጌጋ ተረዲኦም ከም "ካልኣይ ገጽ ህግደፍ" ዝገልጹና ከምኡ ከምዘይኮንና ከነረድኦም ጻዕሪ ምግባር የድሊ። ነቶም እንታይነትና እናፈለጡ ዝዛረቡ ግን መልሲ ኣይግብኦምን። ብተግባር ጥራይ ኢዮም ክስዓሩ።

**ሕቶ ህዝብና ጌና ንስደት ይውሕዝ ኣሎ። ስደት ኤርትራውያን ምዓሱ'ዩ ጠጠው ዝብል?**

**መልሲ፡-** ስደት ጠጠው ዝብል፡ ህግደፍ ተሳዒሩ ብጥዑይ ህዝባዊ ምሕደራ ምስ ተተክኤ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ተጋ/ወልደሱስ ዓማር ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታትን ርእይቶታትን ብዙሕ ከም እተማህረ እናገለጸ፡ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ኣንጻር ኣረጊት ኣተሓሳስባታት ክቃለስን ኣረጊት ርእይቶታቱ ክቕይርን ተላብዩ። ንመንእሰይ ኣብ ቃልሲ ክሕወስ ክንምህሮን ክንሕግዞን ከም ዘሎና እውን ጠቒሱ። ብፍላይ ከኣ ነቲ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ብገለ ጸሓፍትን መርበባትን ናይ ፓልቶክ ማዕከናትን ዝካየድ ናይ ምፍልላይ/polarization

# ሱዳን፡ ዝስተረስዐ ጒዳይ ስደተኛታት

ዘመተ ጠጠው ክብል ይግባእ ኢሉ።

ከሰላ፦ ኣብ ምብራቕ ሱዳን 66,000 ምዝጉባት ስደተኛታት ይርከቡ። እቶም ቀዳሞት ስደተኛታት፡ ኤርትራውያን ሓርነታዊ ውግእ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣብ ዘካይድሉ ዝነበሩ እዋን ብ1967 ዓ.ም ኢዮም ንሱዳን ኣትዮም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ብሰንኪ'ቲ ድሩት ግዜ ዘይብሉ ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና፣ ከምኡ ውን፡ ብሰንኪ ድርቅን ቍጠባዊ ጸገማትን ኣብ ነፍስወከፍ ወርሒ 1800 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሱዳን ይኣትዉ ከምዘለዉ ጸብጻባት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR.) ይሕብሩ።

"ኣብ ሱዳን ን30 ወይ 40 ዓመታት ስደተኛታት ኰይኖም ዝተቐመጡ ኤርትራውያን ኣለዉ። እዚ ከኣ፡ ልሙድ ተርእዮ ኣይኰነን" ይብል፡ ፒተር ደክለርክ ዝተባህለ ወኪል ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሱዳን። ኣስዒቡ፡ "ንሕና ብዘሎና ኣፍልጦ፡ እዚ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ዝተጋህዱ ናይ ስደት ተርእዮታት ዝነውሐ ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ይቕጽል ኣሎ" ኢሉ።

እቶም ስደተኛታት ጽቡቕ መነባብሮ ንምርካብ ብዝብል ሕልሚ ናብ እስራኤል ወይ ናብ ኣውሮጳ ክሰግሩ ኢዮም ዝብገሱ። እንተኾነ ግን፡ በሽሓት ዝቝጸሩ ካብኦም፡ እቲ ሕማቕ ናይ ሱዳን ናይ መዓስከራት መነባብሮ ኢዩ ዝኸውን ዕጫኦም። ኣብ'ዚ መዓስከራት'ዚ ድማ፡ ዋሕስነት ናይ መግብን ሕክምናን ዘይብሉ፡ ነታ ቍሩብ ቍራቦ ናይ ሱዳናውያን ዜጋታት መነባብሮ ተጫሪቶም ዝነብሩላ ህይወት ኢዩ ዘጋጥሞም። ሽገሩ ብ ኣብ ዝተባህለ፡ ኣብ ኣውራጃ ከሰላ ጥቃ ዶብ ኤርትራ ኣብ ዝርከብ መቀበሊ ስደተኛታት ምስ በጽሑ ድማ፡ ዝግባእ መዕቆቢ ኣይረኸቡን ኢዮም። ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ሳምንታት ዝወስድ መስርሕ ናይ ምቕባል ድሕሪ ምጽባይ ኢዮም፡ ተቐባልነት ረኺቦም ናብ'ቲ ባዕሎም ዝሰርሕዎ ኣግነታትን ኣጓዱን ክነብሩ ዝፍቀደሎም።

ሓደ 22 ዓመት ዝዕድሚኡ ኤርትራዊ ስደተኛ "ናብራ ኣብ'ዚ መደበራት ስደተኛታት'ዚ ኣዝዩ ጽንኩር ኢዩ። ብርሑቕ ክተሰምዕ ከሎኻ መነባብሮኦም ጽቡቕ'ዩ ዝመስለካ። ኣብ'ዚ መጺእካ ብዓይንኻ ክትርእዮ ከሎኻ፡ ብዘይ ገንዘብ ወይ ብዘይ ደሞዝ ትነብረሉ መደበር ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ ኤርትራውያን ኢዩ ዝመስል" ክብል ገሊጺዎ።

ሽገራብ፡ እቲ ዝሓመቐ መደበር ካብ'ቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ 3 ዓበይቲ መደበራት ስደተኛታት ኰይኑ፡ ልዕሊ 21,000 ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝነብርሉ ቦታ ኢዩ። ኣብ መንጎ'ቶም ኣብ ነፍስወከፍ ወርሒ ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ዝመጹ 1,800 ዝኾኑ ስደተኛታት፡ ካብ ኣስገዳድ ዕስክርና ኣምሊጦም ዝመጹ መንእሰያት ይርከብዎም።

"ንዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሰራዊት ኤርትራ ኣገልጊለ። ስድራይ ድኻታት ስለዝኾኑ ኢየ ካብ ኤርትራ ሃዲመ መጺአ። ኣብ ኤርትራ ክንነብረሉ እንኽእል ገንዘብ የብልናን። ኣርባዕተ ኣሕዋት ኣብ ሰራዊት ስለዝነበርና፡ ንወለድና ክጠውር ዝኽእል ሰብ ኣይነበረናን" ይብል ሓደ 34 ዝዕድሚኡ መንእሰይ።

ፕሮግራም መግቢ ዝተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል'ዩ ነቲ መደበራት ዝኸውን ስንቂ ዘቕርብ። እቶም ስደተኛታት ግን ዝውሃበና ሓገዝ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ ኢዮም ዝብሉ። ንህጻናት ዝውሃብ ትምህርቲ ውን እኹል ኣይኰነን። ካብ'ቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዝርከባ 12 መደበራት ዝነብሩ 15.000 ዝኾኑ ህጻናት፡ 6,000 ህጻናት ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኣይረኸቡን ኢዮም። ምኽንያቱ፡ ነቶም 15,000 ህጻናት ክጸውር ዝኽእል ኣብያተ-ትምህርቲ ስለዘየሎ ክብል ጆርጅ ኦኮት ኦቦ ዝተባህለ ኣካያዲ ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ካርቱም ገሊጹ።

**ኤርትራውያን ከም ስደተኛታት ኣይፍለጡን ኢዮም**

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ዝነበረ ውግእ ኣኽቲሙ'ዩ ብዝብል ምኽንያት፡ ነቶም ኣብ መዋእል ሓርነታዊ ተጋድሎ ሃገሮም ገዲፎም ኣብ ስደት ዝነብሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ከም ስደተኛታት ኣይንፈልጦም ኢና ዝብል ውሳኔ ብ2002 ተመሓላሊፉ። ከም

ውጽኢቱ በሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም'ኳ እንተተመልሱ፡ ብዙሓት ከኣ ኣብ'ተን ዝተሰደዱለን ሃገራት ክነብሩ ኢዮም መሪጾም።

ኣብ ወድሽሪፈይ ተወሊዳ ዝዓበየት 24 ዝዕድሚኣ ኣደ ሰለስተ ቀልዑ "እቲ ንሃገረይ ክገድፍ ዝገደደኒ ምኽንያት ስለዘየብቅዕ፡ ናብ ኤርትራ ክምለስ ኣይደልን'የ" ክትብል ንሓደ ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ዜና ማዕከን ገሊጻትሉ።

ዝበዝሑ ካብ'ቶም ስደተኛታት ኣብ'ቲ መደበራት'ዮም ዝነብሩ ዘለዉ። ብዙሓት ግን፡ ናብ ኣውሮጳን እስራኤልን ክኣትዉ ንህይወቶም ንዘይተኣደነ ሓደጋታት ኢዮም ዘቃልዑ ዘለዉ። "ብዙሓት ካብ'ኦም ኣብ ምድረ-በዳታት ከምዝሞቱን ኣብ ባሕሪ ከምዝጣሓሉን ዘረጋግጽ ጭብጥታት ኣሎና" ይብል ደክለርክ።

ገለገለ ስደተኛታት ድማ፡ ስራሕ ክረኽቡ ናብ ካልኣት ከተማታት ሱዳን ይኸዱ። መንግስቲ ሱዳን፡ ክሳብ 40,000 ዝኾኑ ምስ ሱዳናውያን ስራሕን መግብን እናተጫረቲ ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣለዉ ይብል። ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ሱዳን ንሓተቲ ዑቑባ ኣይትነጽግን'ያ እኳ ዝብሉ እንተኾኑ፡ ናይ ስደተኛታት መደበራት ንምውሓድ ከም እትፍትን ግን ፍሉጥ ኢዩ።

ሽሕ'ኳ ፖሊሲ መንግስቲ ሱዳን፡ ስደተኛታት ኣብ መደበራት ክነብሩ ኣለዎም ዝብል እንተኾነ፡ ሰሪሖም ዝነብሩ ስደተኛታት ግን ኣለዉ ይብል ዓብደላ ሱሌማን መሓመድ እተባህለ ናይ ስደተኛታት ምኽትል ኮሚሽነር። ህጽናት ስደተኛታት ብቑዕ ትምህርቲ ዝረኽብሉ ዕድላት ኣብ ዘይብሉ ኩነታት፣ ለገስቲ ማሕበራት ከኣ፡ ንልዕሊ 40 ዓመታት ነዚ መደበራት'ዚ ክድግፉ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ስደተኛታት ነብሶም ዝኽእሉሉ ኩነታት ንምፍጣር ጻዕርታት የካይድ ከምዘሎ'ዩ ክገልጽ ዝስማዕ።

"እቲ ዘላቒ ፍታሕ፡ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኢዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዕድል ንምርካብ ኩሉ ግዜ ክንጽዕር ኢና። ግን፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዕድል ኣብ ሓጺር ግዜ ክርከብ'ዩ ዝብል እምነት ከኣ የብልናን። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ዘሎና ዝሓሸ ምርጫ፡ ነቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዘለዉ ስደተኛታት ከም ሱዳናውያን ኰይኖም ዝነብርሉ ኩነታት ምፍጣር ኢዩ። እዚ ግን፡ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ዝገብሮ ደገፋትን ምትሕብባርን ኢዩ ዝምርኮስ" ይብል ደክላርክ።

## ንስደተኛታት ዝኾኑ ፕሮጀክትታት

ስደተኛታት ርእሶም ዝኽእልሉ ፕሮጀክትታት ንምጅማር ምስ መንግስቲ ሱዳን ኰና መጽናዕትታት ንገብር ኣሎና ይብል ደክለርክ። ካብ'ቶም ንዘራረበሎም ዘሎና ፕሮጀክትታት ብመስኖ ዝሰቲ መሬት ንስደተኛታት ኣካሪኻ፡ ንነብሶም መግቢ ዝረኽብሉን ካብ ዝደልይዎ ንላዕሊ እንተፍርዮም ድማ ዝሸጥሉን ዕድላት ምፍጣር ኢዩ ይብል ደክለርክ።

ምስ ሱዳናውያን ኰና፡ ሓደ ጽፉፍ ፕሮጀክት ድሕሪ ምድላውና፡ ንምምዋሉ ኣብ 2010 ናብ ኣህጉራውያን ለገስቲ ማሕበራት ከነቕርቦ ኢና። ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ'ዘን መደበራት እዚኣተን ዘውዓሎ ገንዘብ 16 ሚልዮን ዶላር ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ መፍትሒ ዘይተረኽቦ ሃለዋት፡ ብሰንኪ'ቲ ዘሎ ድርቅን ናይ መግቢ ሕጽረትን ሓድሽ ዋሕዚ ናይ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ናብ ሱዳን ክህሉ'ዩ ዝብል ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ኪኢላታት ግምት ኣሎ። "እዚ ክፍለ-ዓመት'ዚ (season) ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ምብራቓዊ ሱዳንን ዝኸፍአ ከምዝኸውን ብሩህ ምልክታት ኣሎ። እቲ ኩነታት ከመይ ክኸውን'ዩ ግን፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ገለ ኣዋርሕ ኢዩ ብልክዕ ክፍለጥ" ይብል ደክለርክ።

ድርቂ እንተደኣ ኣጋጢሙ፡ ብዝሒ ናብ ሱዳን ዝውሕዙ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት "ብዓሰርተታት" ኣሽሓት ክኸውን ኢዩ" ኢሉ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ንጥፈታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

### ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ጨንፈር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሆላንድ

ብዕለት 19-12-2009 ኣብ ሆላንድ ዝርከብ ጨንፈር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ኣካይዱ። ኣብቲ ኣኼባ ዝተዘተየሉ ቀንዲ ጉዳይ፡ ጉዕዞ ናይ'ቲ ኣብ መፈጸምታኡ ክበጽሕ ገለ መዓልታት ተሪፍዎ ዘሎ ዋዕላ ናይ ሰለስተ ውድባት ኢዩ ነይሩ።

ኣኼባ ኣባላት ጨንፈር ሆላንድ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓድነት ወይ ከኣ ስምረት ናይ'ተን ብፖለቲካዊ ፕሮግራመን ዝመሳሰላ ውድባት ወይ ሰልፍታት፡ ንብዝሒ ውድባት ዘጻብብ፣ ብቐንዱ ከኣ ንስቅያት ህዝብና ዘሕጽርን ንካልኣዊ ግርጭታትና ኣብ ምምሕዳር ዓቢ ተራ ዘለዎ ኣገዳሲ ጉዳይ ምዃኑ መዚኑ።

ኣኼባ ጨንፈር፡ ድሕሪ'ቲ ብ31 ታሕሳስ ዝዛዘም መሪሕነታዊ ምጽንባራዊ ዋዕላ፡ መሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት ንምትሕንፋጽ ኣብ ዝካየድ መስርሕ፡ ኣባላት ጨንፈር ካብኦም ዝድለ ኾሉ ግቡኣት ክፍጽሙ ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ከምዘለዎም ርእዩ። ኣብ ርእሰ'ዚ፡ ኣባላት ሓድሽ ሰልፊ፡ ካብ'ቲ "ንሕና ንሶምን" ዝብል ስምዒታት ወጺኦም፡ ንዕላማታት ሓባራዊ ሰልፊ ንምዕዋት ሓደ ኣካል ኰይኖም ክሰርሑን፣ ንሓድነቶም ከም ዓይኒ ቢሌኖም ክሕልዉን ኣኼባ ተማሕጺኑ። ከምኡ ውን፡ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ተባሂሉ ብዝፍኖ ነፍሒታት ማኣዝናቱ ከየጥፍአ፡ ንሃገራውን ህዝባውን ረብሓታት ቀዳምነት ብምሃብ ክይሰልከየ ንለውጢ ክቃለስን ንለውጢ ክሰርሕን ኣድላዪነቲ ዕዙዝ ምዃኑ ኣትሪሩ ኣስሚሩሉ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ነቶም ኣብ ልዕሊ እዘን ዝሰምራ ዘለዋ ሰልፍታት ዝካየድ ምኽንያትን ሓቅን ጭብጥን ዘይብሉ ጸለመ፡ ንረብሓ እቲ ኣብ ስልጣን ተወጢሑ ዘሎ ዲክታተርያዊ ስርዓት እምበር፣ ንህዝብና ክንዲ ቅንጣብ ፍረ ኣድሪ ዝኣክል ረብሓ ከምዘይብሉ ብምግንዛብ፣ ካብ ተጻይ መልስን ካብ ሃልክን ርሒቑ ኣብ ሃናጺ ልዝብን ምርድዳእን ዝተሰረተ ዝምድናታት ንምፍጣር ሰልፍና ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ከምዘለዎ ኣኼባ ብዕቱብነት ርእዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣኼባ ጨንፈር ሆልና፡ ምጽንባራዊ ዋዕላ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዕዉት ኰይኑ ክወጽእ ዘለዎ ልባዊ ትምኒት ገሊጹ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፣ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ተሓጋጊዞም ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

## ንጥፈታት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ

### 1. ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ናብ ላዕለዋይ ኰሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዘቕረቦ መዘከር

**ዕለት 17 ታሕሳስ 2009**
**ኣርእስተ-ነገር፦ ኣብ ከንያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ምድሓን**

ክቡር ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተርስ
ላዕለዋይ ኮሚሽነር
ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ጀነቫ

ወይዘሮ ማርዮን ካማራ
ዳይረክተር፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ክፍሊ ኣፍሪቃ

ኣቶ ኣሊስተር ቦልቶን
ላዕለዋይ ዞባዊ ሕጋዊ ኣማኻሪ ንኣፍሪቃ

ክቡር ኣቶ ጉተረስ

ነቶም ናብ ጨቋኒ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ መታን ከይምለሱ፡ ኣብ ናይሮቢ ሞሊቖም

ዝተረፉ 12 ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራውያን ዘድሊ ደገፍ ክትገብሩሎም፡ ሕጂ ውን፡ ምሕጽንታይ ናባኻን ናብ መሳርሕትኻን አቕርብ ኣለኹ። ቅድሚ'ቶም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ፡ ካብ ናይ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ጸጥታን ስለላን ኣካላት ፈሪሖም ኣብ ናይሮቢ ምስዋሮም፡ ብሰበስልጣን ከንያ ናይ ኣጻብዕቶም ኣሻራ ተወሲዱሎም ነይሩ ኢዩ። ሓደ ካብ'ቶም 12 ተጻወቲ፡ ናብ ሓንቲ ካብ ጐረባብቲ ከንያ ዝኾነት ሃገር ሰጊሩ ኣሎ።

ከንያውያን ሰበስልጣን ምስ ናይ ኤምባሲ ኤርትራ ክፍሊ ስለላ ተሓባቢሮም ነቶም ተሰዊሮም ዘለዉ ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ይፍትሽዎም ከምዘለዉ፡ ኣብ ናይሮቢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ይሕብሩ ኣለዉ። ረኺቦም ናብ ሃገሮም እንተደኣ መሊሶሞም ከኣ፡ ንዓቢ ሓደጋ ክቃልዑ ምኻኖም ፍሉጥ ኢዩ።

ክቡር ኣቶ ጉተረስ

እዚ፡ ብስም ኣብ ስደት ዝርከባ ሰለስተ ፍሉጣት ተቓወምቲ ውድባት ዝሰደልካ ዘለኹ መዘክር፡ ነቶም ኣብ'ቲ ዞና ዝርከቡ ኣብያተ-ጽሕፈታትኩም ብህጹጽ ኣንቀሳቒስኩም፣ ንህይወት ናይ'ዞም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ዝነበሩ፡ ሕጂ ድማ፡ ኣካል ናይ'ቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ፡ ካብ'ቲ ጨካን ስርዓት ኣስመራ ዘምለጡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኰይኖም ዘለዉ ከተድሕኑ ዝጽውዕ ኢዩ። ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት እንተደኣ ዋሕስ ክኾኖም ምኻኑ ኣረጋጊጸም ድማ፡ ካብ ተሓቢኦምሉ ዘለዉ ቦታታት ክወጹ ከምዝኽእሉ ርዱእ ኢዩ።

ዘድሊ ስጉምቲ ከምእትወስዱ ምሉእ እምነት ከም ዘሎኒ እገልጸልኩም።

የቐንየለይ



ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰ.ዲ.ኤ.፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

## 2. ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ምስ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ካርቱም ተራኺቡ



ጢኣቶ ድራር ሓምድ ኣሕመድ፡ ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣባል ተክኒካዊት ኮሚቴ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለን፤ ኣብ ካርቱም ምስ ሉሉያት መራሕቲ እስላምዊ ምንቅስቓስን ተቓወምቲ ሃገራውያን ውድባትን ሃናጽን ዕዉትን ርክባት ኣካይዱ።

ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ምስ መርበብ ሓበሬታ ኣዱሊስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት፡ ምስ ገለገለ ሉሉያት መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝገበሮ ርክብ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ሓድነትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ብዝርዝር ከምዝገለጸን፣ ንዝቐረብሉ ሕቶታት ብግልጺ ብምምላስ ብዙሕ ጕዳያት ከምዘብርሃሎምን፣ ብወገኖም ውን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ምጽንባር ደገፍቲ ምኻኖም ከምዘረጋገጹሉን ሓቢሩ።

ቀጺሉ፡ እቲ ካብ 29 ታሕሳስ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2009 ኣብ ጀርመን ክካየድ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ምጽንባራዊ ኮንፈረንስ፡ ዘድሊ ፖለቲካውን ተክኒካውን ምድላዋት ተዋዲዱ ምህላዉን፣ ኣብ ፍርቂ ለይቲ ናይ 31 ታሓሳስ እቲ ሓድሽ ሰልፍን ሓድሽ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ሓድሽ ቅዋምን ክእወጅ ኢዩ ኢሉ። ኣስዒቡ፡ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ፡ ብምጽንባር ናይ ሰለስቲ ውድባት ማእከላይ ባይቶታት ዝቐውም ኰይኑ ብዝሐ 91 ክኸውን፤ መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ውን ከምኡ ብምጽንባር ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ፈጻምቲ ኣካላት ዝቐውም ኰይኑ ብዝሐ ድማ 24 ክኸውን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ካብ'ቶም 24 ኣባላት መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ድማ፡ ንዕለታዊ ስርሓት ናይ'ቲ

ሓድሽ ሰልፊ ዝመርሑ፡ ኣቦ መንበር፡ ሰክረተርን (ምኽትል ኣቦመንበር)፡ ካልኦት ኣካየድቲ 9 ኣብያተ-ጽሕፈታትን ብድምሩ 11 ሓለፍቲ ክምረጹ ምኺኖም ገሊጹ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዙ፡ ዕድመ ናይ መሰጋገሪ መሪሕነት ክሳብ'ቲ ኣብ ውሽጢ 18 ኣዋርሕ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ዝካየደሉ ጉባኤ ምኺኑ ኣነጺሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ቅድሚ'ቲ ምጽንባራዊ ጉባኤ፡ ማእከላይ ባይቶታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት በበይኑ ተኣኪቡ፡ ነቲ ንድፍታት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ካልእ ስምምዓትን ክርእይዎን፤ ውድባቶም ብሕጊ ኣፍሪሶም ናብ ምጽንባር ዝኣትውሉ ባይታታት ክምድምዱን ኢዮም ኢሉ።

### 3. ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዋዕላ ኣባላት መሪሕነታት ሰ.ዲ.ኤ፡ ኤ.ህ.ምን ሰ.ህ.ኤን ተኻይዱ

ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነታት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ብ 22ን 23ን ታሕሳስ 2009 ኣብ ኣዲስ ኣኼባ ኣካይዶም ። ኣቶ ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰለስቲኡ ውድባት ኢዩ ነቲ ኣኼባ ብመደረ ከፊትዎ። ኣቶ ኣድሓኖም ኣብቲ ዘቐረቦ ሓጺር መኽፈቲ ቃል፡ ድሕሪ ነዊሕ ጻዕርን ቃልስን ናብ ሓድነት ከም ዝተበጽሐን፣ ሓድነት ምግባር መቃለሲ መድረኽ ምፍጣር እምበር ንገዛእ ርእሱ ናይ መወዳእታ ዓወት ከም ዘይኮነን ጠቒሱ። ኣተሓሒዙ ድማ ሎሚ ጉዳይ ኤርትራ ህጹጽን ግዜ ዘይህብን ምኺኑ ምስ ጠቐሰ፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ሓድነት ናብቲ ዝድለ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ሸቶ ንምብጻሕ ሓያል ቃልሲ ከም ዝሓትት ገሊጹ።



ኣብዚ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ክቡር ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦ መንበር ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓን ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዑ። ንሱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምምስራት ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራ ሰፊሕ ባይታን ዓቕምን ዕዙዝ ግደን ክህሀልዎ ዝኽእል ሰልፊ ኣወንታዊ ኣብነት ምኺኑ ጠቒሱ። እንተኾነ ግን፡ ንኩሉ ጉዳያት በይኑ ዝዓሞ ዘይኮነስ፡ ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ምሕያል ዓቢይ ግደ ከም ዝጽበዮ ውን ኣመልኪቱ። ቀጺሉ ድማ፡ ነዚ ዝረግጋገጽ ዘሎ ሓድነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኰነ ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓ ከም ዝድግፍዎን ዘድሊ ሕገዝ ከም ዝገብርሉን ኣነጺሩ።



እቲ ኣኼባ ዝያዳ ቆላሕታ ሂቡ ካብ ዝተመያየጠሎም ጉዳያት፡ ኣድላይነት ምምስራት ሓያል ሰልፍን እቲ ሓድሽ ሰልፊ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንምሕያል ከካይዶ ዝግበኦ ቃልስን ኮይኑ፤ ብኹሉ መዳያቱ ንምሕያል እቲ ኪዳን ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጹ። ኣኼባ ኣባላት መሪሕነታት ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ'ዚ ዞና፡ ኣብቶም ዝቐረቡ ንድፍታት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ቅዋምን ፖለቲካዊ ውሳነታትን ሰፊሕ ምይይጥ ኣካይዱ። ብዝመዘዞም ወከልቱ ኣቢሉ ድማ፡ ናብቲ ኣብ ፍራንክፈርት ዝካየድ ናይ መወዳእታ ምጽንባራዊ ኮንፈረንስ ውሳነታቱን ለበዋታቱን ከመሓላልፍ ኢዩ።



### 4. ኣኼባ ጨንፈራት ኤ.ህ.ም ሰ.ህ.ኤ ሰ.ዲ.ኤ ኣብ ስቶክሆልም

ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣብ ስቶክሆልም ብዛዕባ ኣብ መንጎ ሰለስቲኦም ውድባት ዝካየድ ሓድነታዊ ጉዕዞ ንምምያጥ ብ28 ሕዳር 2009 ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ ኣኼባ ኣካይዶም። ጉዕዞ ሓድነት ብዙሕ ክብን ለጠቕን ዘለዎ ሓርፋፍ መንገዲ'ኳ እንተኾነ፡ ናይ ህዝብና ማእከላዊ ጠለብን ንዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕጽር ስትራተጅን ስለዝኾነ፡ ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት ንቅኑዕነቱ ኣሚኖም ንምዕዋቱ ብዕቱብነት ክሰርሑሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም። ኣኼበኛታት፡ ኣብ ህልዊ ግዜን ኣብ መጻእን ክትግበሩ ዝግብኦም መደባት ሓንጺጾም። ከም መርኣያ ናይ'ዚ መደባት እዝን፡ ነቲ ኣብ ታሕሳስ 2009 ዝሰላሰል ኮንፈረንስን ንምዕዋት ገንዘባዊ ውጽኢት ክገብሩ ድማ ወሲኖም።

ኣኼባ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ደገፍቲ ሓድነት ሰለስቲኡ ውድባት ዝኾኑ ዜጋታት ዝተሓወስዎ ናይ ምዝንጋዕ ምሸት ተኻይዱ።

# ኤርትራ

### 1. ትራክተራቶም ብመንግስቲ ዝተመንዝዑ ሓረስቶት 800,000 ናቕፋ ክፈሉም ከውጽእወን ይጥለቡ ኣለዉ

ስርዓት ኤርትራ፡ ነቶም ትራክተራቶም ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምምሕዳር ክኣትዋ ኣለወን ዝብል መምርሒኡ ዘይተማእዘዙ ሓረስቶት፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ሕርሻ ክፍለ-ዓመት ኣትሒዙ፡ ትራክተራቶም ከግድፎም ከምዝጀመረ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ውሽጢ ሓቢሮም። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ንትእዛዛት መንግስቲ ነጺጎም ብዝብል ምስምስ 37 ትራክተራት ካብ ወነንተን ተመንዚዐን ኣብ ኣላቡ ዝተባህለ ቦታ ተዓሺገን ይርከባ። እዞም ወነንቲ ትራክተራት እዚኣቶም፡ ነፍስወከፎም፡ ትራክተራቶም ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምሕደራ ብዘይምእታዎም ክሳብ 800,000 ናቕፋ ዝኸውን ክስራ ንመንግስቲ ኣስዒቦም ብዝብል ክሲ፡ ነዚ ገንዘብ'ዚ ከይከፈሉ ትራክተራቶም ክምለሳሎም ከምዘይኮና ተሓቢርዎም ኣሎ። ኩሎም እቶም ወነንቲ ትራክተራት ድማ፡ ብሓደ ድምጺ፡ ንሕና ንኸፍሎ ገንዘብ የብልናን፡ እንተደልዩ እቲ መንግስቲ ነተን ትራክተራት ይውሰደን ዝብል ተሪር መርገጽ ስለዝሓዙ፡ እቲ ሽግር ክሳብ ሕጂ መዕለቢ ኣይረኸበን ዘሎ።

እዚ ንትራክተራት ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምምሕዳር ዘእቱ ትእዛዝን ሕጽረት ናይ ዝናምን ተደማሚሩ፡ ኣብ ምፍሻል ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሕርሻዊ እቶት ዓቢ ግደ ከምዝነበሮ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክሕብር ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ።

### 2. ሓረስቶት ኤርትራ፡ ጥሪቶም ንመንግስቲ ክሸጡ ይግደዱ ኣለዉ

ብ30 ሕዳር 2009 ጥሪቶም ወይ ከብቶም ንምሻጥ ኣብ ዕዳጋ ከተማ ጉሉጅ ዝተኣከቡ ሓረስቶት ብሃንደበት ብሰራዊት ተኸቢቦም፡ ጥሪቶም እናተመዝና ንመንግስቲ ክሸየጣ ዘገድድ ትእዛዝ ተዋሂብዎም። እቶም ሓረስቶት፡ ንነፍስወከፍ ጥሪት ብፍርቂ ዋግኣ ክትሸየጥ ብመንግስቲ ንዝቐረበሎም ጠለብ ስለዘይተቐበሉ ድማ፡ ኣብ መንጎ ወተሃደራት መንግስትን ኣብ መንጎ'ቶም ሓረስቶትን ኣምባጓሮ ተፈጢሩ፡ 3 ካብ'ቶም ንጹሃት ሓረስቶት ክመቱ ከለዉ፣ 15 ዝኾኑ ድማ ከምእተኣስሩ፡ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ብመሰረት፡ መምርሒ ስርዓት ኣስመራ፡ ሓረስቶት ከብቶም ብዘይካ ንመንግስቲ ንኻልእ ክሸጡ ይኽእሉ፡ ናብ ዕዳጋታት ሱዳን ከእትዉ ተኸልኪሎም ከምዘለዉ ዝዝከር ኢዩ። መንግስቲ ነዚ ትእዛዝ'ዚ ዘመሓላለፈሉ ምኽንያት ድማ፡ ነተን ከብቲ ባዕሉ ናብ ደገ ሸይጡ፡ ነቲ ዝሳቐየሉ ዘሎ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ባጤራ ንምፍኳስ ዝዓለመ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

### 3. 12 ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ዑቕባ ረኺቦም

ኣብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ምብራቕን ማእከላይን ኣፍሪቃ (CEKAFA)፡ ኣብ ከንያ ክካየድ ዝቐነየ ውድድራት፡ ክሳተፉ ዝጸንሑ 12 ኣባላት ሕርዪቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እቲ ውድድራት ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ናይሮቢ ተሰዊሮም ከምዝተረፉን ናብ ሃገሮም ከምዘይተመልሱን ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ናይ ዓለም ክዝንያሉ ቀንየን ኢየን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ መጀመርያ ነዚ ተረኽቦ'ዚ ኣሉታ ክህበሉ ፈቲኑ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግን፡ ክእመነሉ ተገዲዱ ኣሎ። ፈደረሽን ስፖርት ኤርትራ፡ ንኣቶ ኒኮላስ ሙሶንየ፡ ንሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ዝኣሊ ዝነበረ

ሓላፊ ፌደረሽን ስፖርት ምብራቓውም ማእከላውን ኣፍሪቃ (CEKAFA) እቶም ተጻወቲ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ናብ ሃገሮም ከምዘይተመልሱ ኣረጋጊጽሉ ኢዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ፡ ኣቶ ሙሰንየ፡ ንፎካስ ኦፍ ኣፍሪካ ዝተባህለ ናይ ቢቢሲ መደብ ፈነወ ረድዮ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተጻወቲ ሆዕዞ እግሪ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ፡ ክወዳደሩ ኢሎም ኣብ ዝመጽሉ ሃገር ሞሊቆም ዝተርፉ ዘለዉ ሎሚ ንሳልሳይ ግዜኦም ዝብል መግለጺ ምሃቡ ውን ዝዝከር ኢዩ።

ኣብ ከንያ ዝርከብ ኤምባሲ ኤርትራን ናይ ስለላ መሓውራቱን ምስ ፖሊስ ከንያ ኰይኑ፡ ነቶም ዝተሰወሩ ተጻወቲ ክፍትሽ ከምዝጀመሩ ዝሕብር ምልክታታ ናብ ምንጪታት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ድሕሪ ምብጻሑ፣ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ብዕለት 17.12.2009 ናብ ኮሚሽነር ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፡ ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተርስን፣ ናብ ወይዘሮ ማርዮን ካማራ፡ ዳይረክተር፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ክፍሊ ኣፍሪቃን፤ ናብ ኣቶ ኣሊስተር ቦልቶን፡ ላዕለዋይ ዞባዊ ሕጋዊ ኣማኻሪ ንኣፍሪቃን፡ ናይ ህይወት ኣድሕን ምሕጽንታ ኣቕሪቡ።

ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ብ18.12.2009 ነቶም 12 ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ፡ ዑቍባ ከም ዝሃቦም ዘ ስታንዳርድ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ምሕባሩ ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ማዕከን ቀጺሉ፡ እቶም ተጻወቲ ኵዕሶ፡ ኣብ ከንያ ክንቀሳቐሰሉ ዘኽእሎም ፍቓድን መለለዪ ወረቓቕትን ተዋሂብዎም፡ ናብ ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይተደልየ ብላዕለዋይ ኮሚሽን ዝመሓደር ቦታ ተወሲዶም ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ብሰንክ'ቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ትገብሮ ዘላ ደገፋት፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ናይ ኣጽዋር ማዕቀብ ክግበር፣ ከምኡ ውን፡ ሰበስልጣን መንግስትን ወተሃደራውያን ሓለፍትን ኤርትራ፡ ከይገሹን ገንቦምን ንብረቶምን ከየንቀሳቕሱን ክኽልከልዎም ተሰማሚዖም ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ካልኦት ኣባላት ባይቶ ጸጥታን፡ ኤርትራ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ተፈላጥነት ዝረኸበ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ንምግልባጥ፡ ንእስላማውያን ተቓውምቲ ሓይልታት ሶማል ገንዘብን ኣጽዋርን ተቀባብል ኣላ ዝብል ክሲ ኣለዎም።

ናይ'ዘን ሃገራት እዚኣተን ዲፕሎማስኛታት፡ መብዛሕቶም ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ብኡጋንዳ ዝቐረበ ንኤርትራ ዝቐጽዕ ንድፊ ውሳኔ ተሰማሚዖምሉ ከምዘለዉን፣ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ድማ፡ ከጽድቕዎ ምኳኖምን ክገልጹ ይስምዑ ኣለዉ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ማዕቀብ፡ እቲ ውሳኔ "ኤርትራ ንኹሎም ዕጡቓት ሓይልታት፡ እንተላይ ነቶም ንመንግስቲ ፕረሲደንት ሸኽ ሸሪፍ ኣሕመድን ንምግልባን ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ኣልሸባብ፡ ኣጻዋር ምሃብ ደው ከተብል ዝጽውዕ ኢዩ።

ሓደ ስሙ ክገልጽ ዘይደለየ ዲፕሎማት፡ ሊብያ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ስለዝኾነት 100% ድምጺ ክርከብ'ዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘየለ'ዩ ዝገልጽ። ግን፡ ሊብያ መታን ክትድግፎ ነቲ ውሳኔ ደጊሞም ክርእይዎ ድልዋት ኢዮም ኢሉ። ገለገለ ውን፡ ቻይና ድምጺ ከይሃበት ክትወጽእ'ያ ዝብል ግምታት ኣለዎ,።

ሊብያ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ዝድግፍ ሕብረት ኣፍሪቃ ክነሳ፡ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ደው ምባላ ግን ኣገሪሙና ይብሉ እቶም መንግስታት።

እዚ ሕጂ ተመሓላሊፉ ዘሎ ውሳኔ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንውሳኔ ቀሪቡ ዝነበረ ንድፊ ሓሳብ ብዙሕ ዝተፈልየ ኣይኰነን። ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ኣጽዋርን ምስኡ ዝዛመድ ነገራትን ዝኽልክል ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ኤርትራ ዝወጽእ ወይ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ጽዕነት ክፍትሽን ዘይፍቁድ ንብረት እንተደኣ ረኺቡ ድማ ክወርሶን ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ።

እቲ ውሳኔ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ እቲ ናይ ሶማልያ ማዕቀብ ኮሚቴ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣየኖት ውልቀሰባትን ኣየኖት ትካላትን ከይገሹን ክድስኩሉን ዝውስነሎም ክነጽር ኢዩ።

## 4. ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ወሲኑ

**ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ብሰንክ'ቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ትገብሮ ዘላ ደገፋትን፣ ካብ ብሓይሊ**

ዝሓዘቶ መሬት ጅቡቲ ክትወጽእ ንዝተገብረላ ጻውዒት ዘይምኽባራን፣ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ናይ ኣጽዋር ማዕቀብ ክግበር፣ ከምኡ ውን፡ ሰበስልጣን መንግስትን ወተሃደራውያን ሓለፍትን ኤርትራ፡ ከይገሹን ገንዘቦምን ንብረቶምን ከየንቀሳቕስን ዝኽልክል ክኽልክልዎም ተሰማሚዖም ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ካልኦት ኣባላት ባይቶ ጸጥታን፡ ኤርትራ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ተፈላጥነት ዝረኸበ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ንምግልባጥ፡ ንእስላማውያን ተቓውምቲ ሓይልታት ሶማል ገንዘብን ኣጽዋርን ተቀባብል ኣላ ዝብል ክሲ ኣለዎም።

ናይ'ዘን ሃገራት እዚኣተን ዲፕሎማስኛታት፡ መብዛሕቶም ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ብኡጋንዳ ዝቐረበ ንኤርትራ ዝቐጽዕ ንድፊ ውሳኔ ተሰማሚዖምሉ ከምዘለዉን፣ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ድማ፡ ከጽድቕዎ ምዃኖምን ክገልጹ ይስምዑ ኣለዉ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ማዕቀብ፡ እቲ ውሳኔ "ኤርትራ ንኹሎም ዕጡቓት ሓይልታት፡ እንተላይ ነቶም ንመንግስቲ ፕረሲደንት ሸኽ ሸሪፍ ኣሕመድን ንምግልባን ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ኣልሸባብ፡ ኣጻዋር ምሃብ ደው ከተብል ዝጽውዕ ኢዩ።

ሓደ ስሙ ክገልጽ ዘይደለየ ዲፕሎማት፡ ሊብያ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ስለዝኾነት 100% ድምጺ ክርከብ'ዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘየለ'ዩ ዝገልጽ። ግን፡ ሊብያ መታን ክትድግፎ ነቲ ውሳኔ ደጊሞም ክርእይዎ ድልዋት ኢዮም ኢሉ። ገለገለ ውን፡ ቻይና ድምጺ ከይሃበት ክትወጽእ'ያ ዝብል ግምታት ኣለዎ,።

ሊብያ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ዝድግፍ ሕብረት ኣፍሪቃ ክነሳ፡ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ደው ምባላ ግን ኣገሪሙና ይብሉ እቶም መንግስታት።

እዚ ሕጂ ተመሓላሊፉ ዘሎ ውሳኔ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንውሳኔ ቀሪቡ ዝነበረ ንድፊ ሓሳብ ብዙሕ ዝተፈልየ ኣይኰነን። ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ኣጽዋርን ምስኡ ዝዛመድ ነገራትን ዝኽልክል ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ኤርትራ ዝወጽእ ወይ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ጽዕነት ክፍትሽን ዘይፍቁድ ንብረት እንተደኣ ረኺቡ ድማ ክወርሶን ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ።

እቲ ውሳኔ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ እቲ ናይ ሶማልያ ማዕቀብ ኮሚቴ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣየኖት ውልቀሰባትን ኣየኖት ትካላትን ከይገሹን ክድስኩሉን ዝውስነሎም ከነጽር ኢዩ።

### 5. ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ዝኾና መንግስታት ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ወቒሰን

መብዛሕትአን ካብ'ተን ብዛዕባ'ቲ ንመጀምርያ ግዜ ካብ ኤርትራ ንዝቐረበ ጸብጻብ ክመያየጣ ኣብ'ቲ ብዕለት 30 ሕዳር 2009 ዝተጋብአ ኣኼባ ናይ'ቲ 40 ሃገራት ዝኣባላቱ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ዝተሳተፋ ሃገራት፣ ነቲ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝወቅስ ርእይቶ ኣቕሪበን።

ተሳተፍቲ፡ ሓደ ድሕር'ቲ ሓደ እናተንስኡ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ዝፈረመሉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ስምምዓት ብምጥሓስ ክፍጽሞ ዝርአ ዘሎ ግህሰታት ኣመሊቶም ተቓውሞኦም ኣቃልሑ። ዓዛብ፡ ምስዋር፡ ምዕማጽ ወይ ምድፋር ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ባርነት ኣገልግሎት፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል ሽፋን ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት፡ ደረት ዘይብሉ ማእሰርትን ከም ናጽነት ናይ ምዝራብ፡ ምውዳብ፡ ናጽነት ናይ ኣምልኾ ዝኣመሰሉ መሰረታዊ መሰላት ደቂ ሰባት ምሕራምን ዝብሉ ቃላት፡ ዋላ ካብ'ቶም ካብ ኣፍሪቃን ካልኦት ሃገራት ስሉስ ዓለምን ዝመጹ ልኡኻት ከይተረፈ'ዩ እናተደጋገመ ዝጥቀስ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ብስርዓት ኢሳያስ ዝቐረበ ጸብጻብ ልስልስ ዝበለ ርእይቶ ዝሃቡ፡ እቶም ካብ ኢራንን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ስዑዲ ዓረብን ዝመጹ ወከልቲ ጥራሕ ኢዮም ነይሮም።

ኤርትራ፡ እቶም ኣኼበኛታት መታን ግዜ ረኺቦም ከንብብዎ ቅድሚ ኣዋርሕ ክተቕርቦ ዝግብኣ ዝነበረ ጸብጻባ፡ ቅድሚ'ቲ ኣኼባ ምጅማሩ ክልተ መዓልታት ኣቢላ'ያ፡ 16 ገጻት ዘለዎ ዘይዕቱብ ጸብጻብ ዘቕረበት። እቲ ብስርዓት ኣስመራ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ መሰላት ኤርትራውያን ዜጋታት ብመሰረት'ቲ ኣብ ግብሪ ዘይውዓለ ብ1997 ዝጸደቐ ቅዋም ሕልው ምዃኑ ከረድእ ዝፍትን'ዩ ነይሩ። ኵሉ ዓንቀጻት ናይ'ቲ ብኤርትራ ዝቐረበ ጸብጻብ ዝንቀፍን መእረምታ ዘድልዮን ምንባሩ ውን ክየጠቐስካ ክሕለፍ ዝከኣል ኣይኰነን። ዶክተር ግርማይ ኣብርሃም፡ ኣባል ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት

ዝኾነ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ ከይተረፈ ውን፡ ብኽምልሶም ዘይክእል ሕቶታት ከምእተጐብአ ተኣሚኑ ኢዩ። ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራ ክትፍጽሞን ከተኽብሮን ኣለዋ ኢሉ ዝኣምነሉ፡ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከቱ ብዙሓት ለበዋታት'ዩ ኣመሓላሊፉ። ከምኡ ውን፡ ብኾነታት ሰብኣዊ መሰላት ጸብጻባት ዘቕርቡን ምርመራታት ዘካየዱን ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ኣብ ኤርትራ ብጽሖት ክገብሩ ክፍቀደሎም ጠሊቡ።

ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ናይ ዕለት 30 ሕዳር 2009 ኣብ ዝነበሩ ሰዓታት ድማ፡ ኣህጕራዊ ክርስትያናዊ ምድግጋፍ (Christian Solidarity Worldwide) እተባህለ ናይ ሰብኣዊ መሰል ትካል ኣብ ዘካየዶ ጐናዊ ኣኼባ፡ ዶክተር ጎንድወ እተባህለ ኣባሉ፡ ብዛዕባ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዘሰንብድ መግለጺ ኣቕሪቡ። ከምኡ ውን፡ ኣባላት ኤርትራውያን በርገሳውያን ማሕበራት ዝኾኑ ያሲን መሓመድ ዓብደላ ካብ ሱዳን፡ ኤልሳ ጭሩም ካብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዓብዱረዛቕ ከራር ካብ ኣውስትራልያ፡ ኣምሃ ዶመኒኮ ካብ በልጅዩም፡ ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ተረኺቦም መደረኦም ኣስሚዖም ኢዮም። ተድሮስ ኣብርሃም ዝተባህለ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ካብ ኤርትራ ዝሃደመ ጋዜጠኛ ከኣ፡ ብዛዕባ ኵነታት ጋዜጠኛታት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪቱ፡ ናይ ዓይኒ ምስክር ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ውን፡ ንህልዊ ኵነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ዝርዝር መብርሂ ሂቡ።

ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ረቡዕ ዕለት 2 ታሕሳስ 2009 ተኣኪቡ፡ ንኤርትራ ዝምልከት ውሳኔታትን ለበዋታትን ከመሓላልፍ ኢዩ።

ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሸቓሊ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ናይ 30 ሕዳር 2009 ኣኼባኡ ተላዒሎም ዝነበረ ሕቶታትን ለበዋታትን ንምጽናዕን ንምጽዳቕን ብረቡዕ 2 ታሕሳስ 2009 ካልኣይ ኣኼባ ኣካይዱ። እቲ ባይቶ፡ ኤርትራ ክሳብ መጋቢት 2010 ኣብ ዘሎ ግዜ መልሲ ክትህብ እቲ ባይቶ ትጽቢት ይገብረላ ኣሎ።

ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ኣቦ መንበር ኣድማሳዊ ናይ መጽናዕቲ ትካል (Universal Periodic Review) ፡ ኤርትራ፡ ነቲ ዝግበረላ ዘሎ ምትሕግጋዝ ተጠቒማ፡ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ከተመሓይሽን ንዝቐረበላ ለበዋታት ኣብ ግብሪ ከተውዕል ብተስፋ ይጽበ ከምዘሎ ገሊጹ።
ሓላፊ ልኡኽ ኤርትራ ዝኾነ ዶክተር ግርማይ ኣብርሃም፡ መንግስቱ፡ ነቲ ዝቐረበላ ለበዋታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኵሉ ዝከኣላ ክትገብር ምዃና ድሕሪ ምግላጽ፣ ገለገለ ካብ'ቲ ለበዋታት ግን፡ ቅቡል ኣይኰነን ኢሉ።

እቲ ባይቶ ዝተቐበሎም ለበዋታትን ትዕዝብትታትን እቶም ዝምልከቶም ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ዝነበሩ ወከልቲ ብኢ-መይል ኣቢሎም ኣድላዪ'ዩ ዝብልዎ ምምሕያሻት ድሕሪ ምግባሮም ንህዝቢ ክሕበር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## 6. ዋዕላ ለንደን ንሰላም

ካብ 18-19 ታሕሳስ 2009 ካብ ዝተፈላለዩ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝመጹ ኤርትራውያን ወከልቲ ሲቪላውያን ማሕበራትን ውልቀሰባት ኣብ ለንደን ኣኼባ ኣካይዶም። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ናይ ሰላም ባህሊ ንምስፋን ዝሕግዙ ኣገባባት ንምድህሳስን ምምዕባልን ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ኤርትራን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ከባብያውን ቅልውላዋት ዝደረኾም ተቐማጦ ለንደን ዝኾኑ ገለገለ ኤርትራውያን ኢዮም ነዚ ንምድላዉ ኣዋርሕ ዝወሰደ ዋዕላ ክውን ዝገበሩ። ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ብዕዱማት ኣጋይሽን ኣዳለውትን ዝቐረበ ወረቓቕቲ ብዕምቈት ከም ዝተዘተየሉ ተፈሊጡ ኣሎ። ድሕሪ ዓሚቕ ክትዓት፡ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሓሎም ነጥብታት፡-

1. ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ዝሳተፍሉ ስፍሕ ዝበለ ኣኼባ ናይ ሰላም ንድፊ ቻርተር ምድላው፣
2. ነዚ ንድፊ'ዚ፡ ናብ ሲቪላውያን ማሕበራት፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሃይማኖታዊ ትካላትን ውልቀሰባትን ከምዝበጽሕ ምግባርን ርእይቶታቶም ምስማዕን፣
3. ኣብ 2010 ሰፊሕ ዋዕላ ብምጽዋዕ ነቲ ቻርተር ምጽዳቕ፣

ዝብሉ ምዃኑ ኤርትራውያን ንሰላም እተባህለ ምንጪ ሓቢሩ።

## 7. መጽሔት ፍኖተ-ብርሃን ስርሓ ክትጅምር ኢያ

ፍኖተ ብርሃን እተባህለት ወግዓዊትን ነዊሕ

ዕድመ ዝገበረትን ልሳን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ዝኾነት መጽሔት ን8 ዓመታት ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ተኣጊዳ ድሕሪ ምጽንሓ፡ ካብ ታሕሳስ 2009 ጀሚራ ስርሓ ክትጅምር ምዃና፡ "ምእንተ ክርስቶስ እተመቍሑ" ወይ ICFC (In Chains For Christ) እተባህለ መርበብ ሓበሪታ ናይ ሓደ ንናጽነት ናይ ኣምልኾ ዝጣበቕ ሰብኣዊ ማሕበር ብ21 ታሕሳስስ 2009 ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

እዚ ሃንደበታዊ ምዕባለ'ዚ፡ ፍረ ናይ'ቲ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ዝለዓለ ናይ ኤርትራውያን ኦርቶዶክስ ሰበኻ ን5 ኣዋርሕ ዝኸውን ዘካየዶ ጻዕርታት ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፍኖተ ብርሃን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብ2001 ዓ.ም ብስርዓት ኣስመራ ዝተኣገዳ ብዙሓት ብሕታውያን ጋዜጣታት ኢያ። ን30 ዓመታት ብዘይ ምቍራጽ፡ ዋላ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ደርግ ክትዝርጋሕ ዝጸንሐትን መጽሔት ፍኖተ ብርሃን ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ንምጽንባል እናተዳለወት እንከላ'ያ ብሃንደበት ብስርዓት ኢሳያስ ተዓጽያ።

እቲ ናይ ቀደም ኣዳላዊኣ ዝነበረ ኣቶ ተኽለማርያም መርካጽዮን፡ ሕጂ ዋና ኣዳላዊ ኰይኑ ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ "ምእምቲ ክርስቶስ እተመቍሑ፡" እተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣቶ መርካጽዮን ውን፡ ብናይ ማእሰርቲ ጸገማት ዝተፈተነ ጽኑዕ ሰብ ምዃኑ'ዩ ዝፍለጥ።

## 8. ስውር መቕተልቲ፡ ኣብ ኤርትራ ልሙድ ተርእዮ ኰይኑ ኣሎ

መምህር ሓጐስ ብርሃነ፡ እተባህለ ዜጋ፡ ድሕሪ መቕተልቱ ሓደ ሰሙን፡ ሬሳኡ ኣብ ክፍላ ወርሒ ሕዳር 2009 ተደርብዩ ተረኺቡ። መምህር ሓጐስ፡ ምኽትል ሓላፊ ኮለጅ ናይ ተክኖሎጂ ኣብ ማይ ነፍሒ'ዩ ነይሩ። ነብስሄር ሓጐስ፡ ቅድም ክብል ኣብ ተሓኤ፡ ድሒሩ ድማ፡ ኣብ ስሙር ውድብ ክጋደል ድሕሪ ምጽናሕ፣ ድሕሪ ናጽነት ናብ ኤርትራ ከምዝተመልሰ ኢዩ ዝፍለጥ።

ምኽንያት መሞቲኡ ብስርዓት ኢሳያስ ክግለጽ እንከሎ፡ ከም'ቲ ልሙድ ነብሱ ባዕሉ ኣሕሊፉ ዝብል ኢዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምኽንያቱ ዘይፍሉጥ ስውር ቅትለታት ኣብ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ከጋጥም ዝጸንሐ ተርእዮ ምዃኑ ድማ፡ ዝዝከር ኢዩ።

## 9. ካብ 22 ሕዳር ክሳብ 5 ታሕሳስ 2009 ዓ.ም 539 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 22 ሕዳር ክሳብ 5 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዝነበረ ግዜ 539 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዝተፈላለየ ኩርነዓት ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝኣተዉ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሮም። በቲ ሓበሬታ መሰረት ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ፈቐዶ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከቡ ናይቲ ስርዓት ወተሃደራት፡ ኣብ ጁባ ናይ'ቶም ኣብ መንገዲ ዝረኽብዎም ስደተኛታት ዝርከባ ይውሓዳ ይብዝሓ ገንዘብ እናኸፍሉ፡ ንኽስደዱ ይተሓባበርዎም ኣለዉ። ነቶም ካብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ጀሚሮም ዘኪታተልዎም ግና ክሳብ 5000 ናቕፋ ከም ዝኽፍልዎም እቶም ግዳይ ናይ'ዚ ዘረፋ'ዚ ኰይኖም ዘለዉ ዜጋታት ገሊጾም። ዝርዝር ኩነታት ናይዞም ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉን ኣብ ዝተፈላለየ ስርሓት ተዋፊሮም ዝነበሩን ኤርትራውያን መንእሰያት ከምዚ ዝስዕብ ምዃኑ እቶም ምንጭታት ሓቢሮም።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ብዕለት 13 ታሕሳስ 2009 ካብ በራቒት ዝተባህለት ዓዲ ናይ ወረዳ ቆሓይን 39 ስድራቤታት፡ ንዓዶም ራሕሪሖም፡ ዶብ ቀሪጸም ብመንዲ ኩሕሊ ዝብኢ ናብ ራማ ኣትዮም ዑቝባ ከምዝሓተቱ ተፈሊጡ ኣሎ።

الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

## ደምዳሚ ኣዋጅ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ 3ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ 20 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2009 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣካይዱ። ኣኼባ፡ ጸብጻባት ኣቦ መንበርን ናይ ነፍሲ ወከፍ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ድሕሪ ምስማዕን፡ ዕቱብ ክትዓት ብምክያድን ጸብጻባት ኣጽዲቑ። ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሰለስተ ኣሓት ፖለቲካዊ ዉዱባት፡ ማለት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን፡ ዝተኻየደ ሓድነታዊ መስርሕ ብደቂቕ ገምጊሙ። ማእከላይ ባይቶ፡ ዓሚ ሕዳር 2008 ብጉዳይ ሓድነት ብዝምልከት፥ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ዘድሊ መዕለቢ ንኸብጽሖ መዚዝዎ ስለዝነበረ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተዋህቦ ተልእኾ ብእምነትን ተወፋይነትን ከምዝሰርሖ ኣስሚርሉ። ብተወሳኺ ኩሎም መራሕትን ኣባላትን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ዝቖዉም ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ድሌትን ሃንቀዉታን ህዝቢ ኤርትራ ከምዘማልእ ጥርጥር ከምዘይብሎም ኣኼባ መዚኑ። ማእከላይ ባይቶ፡ ካልእ ብዕቱብ ዝርኣዮም ጉዳያት፡ ኩነታት ህግደፍን ኤርትራዊ ደምበ ተቓዉሞን'ዩ ኔሩ። ህግደፍ ብዝምልከት ሕማም ካንሰር ሃገርና ምኻኑ፡ ህዝብና ከም ህዝቢ ክቕጽል እንተኾይኑ እቲ ሕማም ክዉገድ ከም ዘለዎ፡ ማእከላይ ባይቶ ተገንዚቡ። እዚ ሕማም'ዚ ዘየላቡ ብምኻኑ ድማ፡ ኤርትራዊ ደምበ ተቓዉሞ፡ ኣብ ዘይጠቕሙ ጉዳያት ከየድሃበ፡ ነዚ ሕማም ከወግድ ዓቕምታቱ ከወሃህድን ተኣማሚኑ ክሰርሕን ከምዘለዎ ማእከላይ ባይቶ ኣስሚርሉ።

**ዓወት ወይ ሞት!**
**ማእከላይ ባይቶ**
**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**
21 ታሕሳስ 2009
ኣዲስ ኣበባ